# ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ትግርኛ
# ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም. ክሳብ 2016 ዓ.ም.

## ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ
## ብኸፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ
**ኣበራ መኮነን ገብረየሱስ**

ዩኒቨርስቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፥ስነ-ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ነሓሰ፤ 2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርስቲ መቐለ
ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን
ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፥ስነ-ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ
መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

# ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም. ክሳብ 2016 ዓ.ም.

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ
ብኽፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ
ኣበራ መኮነን ገብረየሱስ

ዋና ኣማኻሪ
ጌታሁን መሰለ (ዶር.)

ሓጋዚ ኣማኻሪ
ብርሃነ ኣዲስኣለም (ኣይተ)

ነሓሰ፥2017 ዓ.ም.
መቐለ

ዩኒቨርስቲ መቐለ

ኮለጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ፥ስነ-ፅሑፍን ፎክሎርን ትግርኛ

መርሃ ግብሪ ድሕረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም. ክሳብ 2016 ዓ.ም.

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ንዝወሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኸፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ

ኣበራ መኮነን ገብረየሱስ

ኣባላት ቦርድ ፈተና

ፌርማ

ዕለት

ናይ ደገ ፈታኒ

_________________________ ____________ ____________________

ናይ ውሽጢ ፈታኒ

_________________________ ____________ ____________________

ዋና ኣማኻሪ

ጌታሁን መሰለ(ዶር.) ____________ ____________________

ሓጋዚ ኣማኻሪ

ብርሃነ ኣዲስኣለም(ኣይተ) ____________ ____________________

መሳለጢ መድርኽ

_________________________ ____________ ____________________

## መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ

ኣነ ኣበራ መኮነን ገብረየሱስዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም. ክሳብ 2016 ዓ.ም. ብዝብል መፅናዕቲ እንተካይድ ኣድለይቲ ንዝኾኑ ሓሳባት ምስ ፍልፍሎም ተጠቒመ እየ። ምስ እዚ መፅናዕቲ ተተሓሒዙ ንዝመፅእተሓታትነት ባዕለይ ሓላፍነት ከም ዝወስድ እሕብር።

ሽም መፅንዒ፦ ኣበራ መኮነን ገብረየሱስ

ዕለት፦_______________

ክታም፦_______________

# ምስግና

ብመጀመሪያ ናብዚ ደረጃ ዘብፃሓኒ ልዑል እግዚአብሔር ክብርን ምስጋናን ንዑኡ ይኹን። ብምቕፃል እዚ መፅናዕቲ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ደኺሙኒ፥ሰልቸዩኒ ከይበሉ ብስልክን ብኣካልን ብምርካብ መፅናዕተይ ብምእራምን ጠቓሚ ምኽርታት ብምሃብን ካብ ጎነይ ዘይተፈለዩኒ ኣማኸርተይ ዶር.ጌታሁን መሰለን መምህር ብርሃነ ኣዲስኣለምን ዝለዓለ ምስግና ኣቕርብ።ብተወሳኺ ሞራላውን ንዋታውን ድጋፍ ንዝገበሩለይ ስድራይ፥ መሓዙተይን መሳርሕተይን ካብ ልቢ ኣመስግን።

# ማራ ፅሑፍ

*ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ትግርኛ ብሔራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም. ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ገይርካ ምድላዎም ምፍታሽ እዩ።እዚ ኣብ ዳህሰሳዊ ዓይነት መፅናዕቲ ዝምደብ ኮይኑ እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ንምዕዋት ፈተሻ ሰነድ ዕሉም ሜላ ኣመራርፃ ብምጥቃም ኣድለይቲ ዝበሃሉ መረዳእታታት ተኣኪቦም እዮም።ኣብቶም ፈተናታት ዝርከቡ ትሕዝቶታት ምስቲ ናይቲ ብርኪ ትምህርቲ ዕላማታት ብኸመይ ከም ዝዛመዱ ንምግምጋም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ሰነዳት ስርዓተ-ትምህርቲ÷መርሃ ትምህርቲ÷ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ከምኡ እውን ካብ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም. ተዳልዮም ዝቐረቡ ብሔራዊ ፈተናታትን መርኣያ ተወሲዶም።እዞም ዝተረኽቡ መረዳእታታት ድማ ብመጠናውን ዓይነታውን ሜላ መፅናዕቲ ተጠቒሙ ብገለፃዊ ትንተና ቀሪቡ እዩ።ኣብዚ ዝተረኸበ ውፅኢት ድማ እቶም ናይቲ ብርኪ ዕላማ ትምህርቲ ብዜካ ስነ-ፅሑፍ ንኹሎም ክእለታት ኣካቲቶም ዝቐረቡ እንትኾኑ ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም. ዝተዳለዉ ትሕዝቶታት ብሔራዊ ፈተና ግን ንክእለት ምድማፅ ኣየካተቱን። ኣብ ብሔራዊ ፈተና ካብ ዝተኻተቱ ፈተናታት በዝሒ ሕቶታት ኣብ ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ዘድሀቡ እዮም። ብመዳይ ብሔራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም.ተዳልዮም ዝቐረቡ ፈተናታት ምስቲ ዕላማ ትምህርቲ ዝተቐራረበ ዝምድና ዘለዎ ኣብ 2015ዓ.ም. ዝተዳለወ ብሔራዊ ፈተና እዩ።ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኣብ ዝዳሎ ብሔራዊ ፈተና ክንዲዝከኣል ዝተመሃርዎም ዕላማታት ትምህርቲ ተማሊኦም ንፈተና ንኽቐርቡ ብዝብል ብለበዋ ቀሪቡ ኣሎ።*

# ትሕዝቶ ሰደቓ

## ትሕዝቶ

**ገፅ**


ምስጋና ........................................................ i

ማራ ፅሑፍ........................................................ ii

ምዕራፍ ሓደ፤መእተዊ ........................................................ 1

1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ........................................................ 1

1.2. ሓተታ መፅናዕቲ........................................................ 4

1.3. ዕላማ መፅናዕቲ........................................................ 5

1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ........................................................ 5

1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት........................................................ 5

1.4 ረብሓ መፅናዕቲ........................................................ 5

1.5. ደረት መፅናዕቲ ........................................................ 6

ምዕራፍ ክልተ፤ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሃሳባትን ቅዱማት መፅናዕትን ........................ 7

2.1. ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሃሳባት ........................................................ 7

2.1.1. እንታይነት ፈተና ........................................................ 7

2.1.2. እንታይነት ፈተና ቋንቋ ........................................................ 7

2.1.3. ዕላማ ፈተና ቋንቋ ........................................................ 8

2.1.4. ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና ........................................ 9

2.1.5. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም ........................................ 9

2.1.6. መዐቀኒ ክእለት ፈተና(Achievement test) ........................................ 10

2.1.7. ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ........................................ 11

2.1.8. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ኣቀራርባ ........................................ 11

2.1.8.1. ምረፅ ዓይነት ሕቶ ........................................................................ 11
2.1.9. እንታይነት መርሃ ትምህርቲ ........................................................ 12
2.1.10. ረብሓ መርሃ ትምህርቲ ............................................................. 13
2.1.11. እንታይነት መምርሒ ንመምህር ................................................... 14
2.1.12. እንታይነት መፅሓፍ ተምሃራይ .................................................... 14
2.1.13. ረብሓ መምሃሪ መፅሓፍ .......................................................... 15
2.1.14. ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን ....................................... 15
2.1.15. ዝምድና መርሃ ትምህርትን ፈተና ቋንቋን ....................................... 16
2.1.16. ዝምድና መፅሐፍ ተምሃራይን ፈተና ቋንቋን .................................. 17
2.2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ቅዱማት መፅናዕቲ ............................................. 17
ምዕራፍ ሰለስተ፤ሜላ ኣፀናንዓ ................................................................ 18
3.1. ንድፊ ፅናዕቲ .................................................................................. 19
3.2. መጠን ተፀናዕቲ .............................................................................. 19
3.2.1 ፍልፍል ሰነዳት ................................................................................ 19
3.3. ሜላ መእከቢ መረዳእታ .................................................................. 19
3.3.1 ፈተሻ ሰነድ ...................................................................................... 20
3.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ................................................................. 20
ምዕራፍ ኣርባዕተ፤ኣቀራርባን ትንተናን መረዳእታ ........................................ 21
4.1 ካብ ተፍትሽ ሰነድ ዝተረኸበ መረዳእታ ................................................ 21
4.1.1 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ .................. 21
4.1.2 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መምርሒ ንመምህር ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ............. 23
4.1.3. ሓፈሻዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ .............. 24
4.1.3.1 ደጋዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ......Error! Bookmark not defined.
4.1.3.2 ውሽጣዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ...... 24

4.1.4. ተፍትሽ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ...25
4.1.5. ኣብ ሰለስቲኦም ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዝተፈተሹሰነዳት ........................................................................................26
4.1.6. ተፍትሽ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም. ........................................................................................27
4.1.7. ገምጋም ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተናን ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ........................................29
4.1.8. ገምጋም ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተናንቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ም.ን........................................31
4.1.9. ገምጋም ዕላማ መፅሐፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተናን ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም..........................................................33
4.1.10. ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ም.ን..................................34
4.2. ዝምድና ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ዕላማ ትምህርትን ብመንፅር ፈተና መወሰኒ ሰደቓ........................................................38
ምዕራፍ ሓሙሽተ፤መጠቓለሊ፥መደምደምታን ለበዋን........................................40
5.1. መጠቓለሊ.....................................................................................40
5.2. መደምደምታ .................................................................................41
5.3. ለበዋ ..........................................................................................42
መዋኸስቲ ደርሳናት...............................................................................43
ልጋብ ሀ .........................................................................................45
ልጋብ ለ .........................................................................................46

# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ዕላማ ትምህርቲ ተምሃሮ በቲ ዕሉም ቋንቋ እቲ ዝድለ ፍልጠት፥ክእለታት ቋንቋን ስነ-ፅሑፍን ንኽህልዎም ምግባር እዩ። ምስዚ ብምትእስሳር፥Stern (1983) "ምስትምሃር ኣብ ተግባር ፍልጠት ጥራሕ ዝተሓፀረ ኣይኮነን።ቅድመን ድሕረን ምስትምሃር እውንድልውኮይኑ ንኽርከብ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።"ይብል።ካብዚ ኣገላልፃ ምርዳእ ከምዝካኣልተምሃራይ ዝማሃር ፍልጠት ካብ ምሽማት ብተወሳኺ ማሕበራዊ ህይወቱ ምስ ከባቢኡብምውህሃድ ከመይ ክመርሕ ከምዘለዎ ዝሕግዞ ክእለት እውን ከም ዘዕጥቖ እዩ። Brown (1980፥25)"ፈተና በብዕለቱ ምስ ምምሃር ምስትምሃር ዝተተሓሓዘ ዕላማ ዘለዎን ኣድላይ ናይ ተምሃሮ ክእለትን ፍልጠትን ንምልካዕ ዘኽእል ሜላ እዩ።"ብምባል ይገልፅ። ብተወሳኺ Arega (2014፥7)"ፈተና ተምሃሮ ግንዛበን ብቕዓትን ዝዕቀነሉ መሳርሒእዩ"ይብል።

ካብዞም ኣገላልፃታት ከም እንርድኦ ፈተና በቲ ዝተቐመጠ መርሃ ትምህርቲ መሰረት ኣብ ዝተውሃበ ትሕዝቶ ፍልጠት፥ክእለትን ብቕዓትን ተምሃሮ ዝዕቀነሉ ከም ዝኾነ እዩ።ከምኡ እውን ፈተና ምስ ተግባር ምምሃር ምስትምሃር ዝጠበቐ ምትእስሳር ዘለዎ ምዃኑ ምርዳእ ይካኣል ።

Macro (2001፥1-3)"ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ በቲ ዕሉም ቋንቋ ንምርድዳእ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ።"እንትብል TYLER (1949፥25)"ሓደ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ንምድላውን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውዕኢታዊ ንምግባርን፤ኣብ ምድላው ስርዓት ትምህርቲ ዓብዪ ትኹረት ካብ ዝወሃቦም ጉዳያት እቲ ቀንዲ ዕላማ ትምህርቲ እዩ።"ብምባል ይገልፆ።

ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት ምርዳእ ዝከኣል ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ካብ ፖሊሲ ቋንቋ ተደሪኹ ዝሕንፀፅን ዝዳሎን ኮይኑ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር በቲ ዕላማ ትምህርቲ እናተመርሐተምሃሮ ክእለታትን ፍልጠትን ንኽዕብዩን ንኽረዳድኡን ዝሕግዝ ከም ዝኾነ ይሕብር።ስለዚ ኣብ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዉ

ዕላማታት ኣብ ተግባር እንትውዕሉ ኣብ ተምሃሮ ክርከብ ዝተደለየ መሰረታዊ ናይ ባህሪ ለውጥን ክእለታትን ከዕብዩ ይኽእሉ እዮም።

Lazar(2005፥5)"ፈተና ቋንቋ እውን በብብርኩ ዝወሃቦም ዕላማ ትምህርቲ ተምሃሮ ክንደየናይ ዝኣክል ክእለትን ፍልጠትን ከም ዝጨበጡ ንምፍላጥ ተባሂሉ ዝዋሃብ ቀንዲ ተግባር ምምሃር ምስትምሃር ምኳኑ ዝፍለጥ እዩ ብምባል እንትትገልፆ Brown(2004፥25) ድማ"ፈተና ተምሃሮ ክንደየናይ ዝኣክል ፍልጠትን ክእለትን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጥን ከም ዘምፅኡ ንምፍታሽ፥ንምምዛንን ንምግምጋምን ዝኽእል መንገዲ እዩ።"ብምባል ነቲ ናይ LAZAR ሓሳብ እንተራጉድ "ፈተና ምስ ተግባር ምምሃር ምስትምሃር ዝተተሓሓዘ ዕላማ ዘለዎ ናይ ተምሃሮ ፍልጠት ንምዕቃን ዝኽእል ስልቲ እዩ።" ብምባል ምስ ናይ LAZARን BROWNን ሓሳብ ዝስማዕማዕ ሓሳብ እንተቐምጥ Anderson (1995፥1) ፈተና ቋንቋ ዝበሃል ናይ ሓደ ተተኳሪ ትምህርቲ ቋንቋ ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጥዎ ንምፍላጥ፥ካብ ዘለውዎ ደረጃ ክፍሊ ንኽሰጋገሩ ዘኽእልን ከም ፍልፍል ሓበሬታ ኮይኑ ዘገልግል መሳርሒ ምኳኑ ተወሳኺ መብርሂ ብመቕማጥ ይገልፅ።

ብተወሳኺ Harrison (1984፥42)ፈተና ቋንቋ ብዕላምኦም ዝፈላለዩ ምኳኖም እንትገልፅ ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ክንደይ ዝኣክል ከም ዝፈለጡ ንምፍታሽ፥ኣብ ሕድሕድ ክእለት ቋንቋ ዘለዎም ጥንካረን ድኽመትን ንምፍላጥ፥ሓደ መምህር ዝጥቀመሉ ሜላ ኣመሃህራ ንምግምጋም፥ተፈተንቲ ተምሃሮ ንቐፃሊ ክህልዎም ተባሂሉ ዝሕሰብ ክእለት ቋንቋ ንምግምጋምን ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ትምህርቲ ንዘለዉ ተፈተንቲ ኣካላት ኣብቲ ደረጃ ክህልዎም ተባሂሉ ዝሕሰብ ብቕዓት ንምዕቃን ክወሃብ ከም ዝኽእል ይገልፅ።

ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት ምርዳእ ከም ዝከኣል ፈተና ቋንቋ ተምሃሮ ኣብቲ ተተኳሪ ትምህርቲ ቋንቋ ዘለዎም ክእለትን ፍልጠትን ንምዕቃን ካብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ንኽሰጋገሩ ዘኽእል ሓበሬታ ዝህብ መሳርሒ እዩ።ብተወሳኺ ዕላማ ትምህርቲ ሸትኡ ምውቅዑን ዘይምውቅዑን ንምግምጋም እውን ዘኽእል መሳርሒ ምኳኑ ይሕብረልና።

ፈተና ቋንቋ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዝሓዘ እዩ።እዚ እውን ትሕዝቶታት ምድማፅ፥ ዝርርብ፥ ንባብ፥ ፅሕፈት ከምኡ እውን ቃላት፥ሰዋስውን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ኣካቲቱ

ዝሓዘ እዩ።Harrison (1984፥32) ናይ ቋንቋ ፈተና ተምሃሮ ዝተመሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብፍልጠት ደረጃ ንምዕቃን ዕላማ አለዎ።

ብተመሳሳሊ Heaton (1975፥15)ብዛዕባ ፈተና ቋንቋን ዕላማ ትምህርትን ዘለዎም ዝምድና እንትገልፅ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ፈተና ቋንቋን ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋን ነፃፂልካ ከምዘይውሃብ ይገልጽ።

እዞም ክልተ ትሕዝቶታት ኣብ እዋን ምምሃር ምስትምሃር ዝሰጠመ ርክብ ዘለዎም ኣካላት ቋንቋ እዮም።ብምኳኑ ድማ ፈተና ቋንቋ ካብ ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋ ፈሊኻምርኣይ ፈፂሙ ኣይካኣልን ይብሉ።ብተወሳኺ Brown (2004፥25) "ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ተምሃሮ ብዝማሃርዎ ትምህርቲ ናይ ባህሪ ለውጢ ንኽምፅኡ ምግባር እዩ።እዚ ናይ ባህሪ ለውጢ ምምፀኦምን ዘይምምፀኦምን ዝረጋገፅ ድማ ብፈተና ቋንቋ እዩ።ስለ ዝኾነ ድማ ምምሃርን ምፍታንን ናይቲ ትምህርቲ ኣካል ኮይኖም ከይተነፃፀሉ ይፍፀሙ።" ይብል።

ካብ እቶም ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት ምርዳእ ዝካኣል ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋንፈተና ቋንቋን ከይተነፃፀሉ ዝፍፀሙ ተግባራት ኮይኖም ብዘይ ፈተና ቋንቋ ተምሃሮ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዕላማ ብትኽክል ኣብ ሽትኡ ምብፅሑን ዘይምብፅሑን ንምርግጋፅ ኣፀጋሚ ከም ዝኾነ እዩም ዘረድኡና።ብምኳኑ እውን ፈተና ቀንዲ ተግባር ምምሃር ምስትምሃር ኮይኑ ምስ እንጥቀመሎም መርሃ ትምህርቲ፣መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተተሓሓዘ ክኸውን ከም ዘለዎን ድሕሪ ምውዳእ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ብርኪ እንረኽቦም ዝተፈላለየ ዓቕሚ ንዘለዎም ተምሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወን ባህሪያት ፅቡቕ ፈተና ዘማለአን ኮይኑ እንትቐርብ ክእለት ተምሃሮ ንምዕቃን ዓብዪኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ይሕብር።በዚ መሰረት ድማ ንሻምናይ ክፍሊ ዝዋሃብ ብሄራዊ ፈተና ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስ ተወድአ ኣብ መወዳእታ ዝዋሃብ ምኳኑ ዝፍለጥ እዩ።

ስለ ዝኾነ ድማ ንሻምናይ ክፍሊ ተዳልዮም ዝቐርቡ ብሄራዊ ፈተና እውን መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን መሰረት ገይሮም ንዝተሓንፀፁ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ሽቶ ዘብፅሑ እዮም።ብተወሳኺ እውን ትሕዝቶታት ፈተና ብመጠን ይኹን ብዓይነት ወኪል እቲ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሓፍን ክኾኑ ኣለዎም።

እዚ መፅናዕቲ እዙይካብ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም.ተዳልዮም ዝቐረቡ ብሄራዊ ፈተናታት ትግርኛ ሻምናይ ክፍልን ዕላማ እቲ ብርኪ ትምህርትን ዘለዎም ዝምድና ንምፍታሽ ዝዓለመ እዩ።

## 1.2. ሓተታ መፅናዕቲ

መፅንዒ ኣካል ነዚ መፅናዕቲ ንኽመርፅ ዘለዓዓሎ ምኽንያት ኣብ ዘምህረሉ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝዳለው ፈተናታት ብኣብዝሓ ዝሪኦም ፈተናታት ንክእለት ንባብ ዝምልከቱ ሕቶታት ሓልሓሊፎም ካብ ምኻኖም ብተወሳኺ ምስ መምህራን ብዛዕባ ሕቶታት ፈተና ኣብ ዘውግዐሉ እዋን መብዛሕትኦም ግዜ ክእለት ንባብ መድከማይ ምኻኑ እንትገልፁ ብምዕዛብ ከምኡ ውን ክሳብ ሕዚ ኣብ ዝገበሮ ዳህሳስ ቅዱማት መፅናዕትታት ብዛዕባ ብሔራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ትሕዝቶ፥ኣደላልዋ፥ግቡእነት፥ብቕዓትን ፈተና መሰረት ገይሮም ዝተፀንዑ እምበር ዝምድናዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ትሕዝቶን ብሄራዊ ፈተናትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ምስ ዕላማ ትምህርቲ ከመይ ከም ዝዛመዱ ዝድህስስ ዝተፀንዐ መፅናዕቲ ብዘይ ምርካቡ ክንደየናይ ዝኣክል ዝምድና ከም ዘለዎም ንምርግጋፅ ዝዓለመ እዩ።ከምኡ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓመታት ዝተወሃቡ ሕቶታት ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ኣብ ዝገበሮ ዳህሳስ ዝረኣዮም ክፍተታት ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ብምግንዛብ ኣብ ከይዲ ክመሓየሽ ዝኽእል ነገር ይህልውዶ ይኸውን?ብምባል ኣብ ቀረባ ግዜ ማለት ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ብመፅናዕቲ ንምርግጋፅ በዚ ርእሲ ፅንዓት ንኽካይድ ተለዓዒሉ ኣሎ።

ብምኻኑ እውን እዚ መፅናዕቲ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም ኣብ ዝተዳለዉ ናይ ሻምናይ ክፍሊትግርኛ ብሔራዊ ፈተና ዕላማ ትምህርቲ ምስ ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ዘለዎም ዝምድና ብምፍታሽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንምምላስ ልዑል ፈተነ ይገብር።

### 1.3. ሕቶታት መፅናዕቲ

1. ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ግቡእነት ትሕዝቶንትግርኛ ብሔራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ብመንፅር ክእለታትን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍን እንታይ ይመስል?
2. ኣብ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብሔራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ዘለዎም ግቡእነት እንታይ ይመስል?

3. ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና ነቶም ኣብ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ መሰረት ገይሮም ኣብ ምድላው እንታይ ይመስሉ?

## 1.3.ዕላማ መፅናዕቲ

እዚ ሓጺር መፅናዕታዊጽሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እንትኸውን ከም ዝስዕብ ተነጺሩ ኣሎ።

### 1.3.1 ሓፈሻዊ ዕላማ

ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም. ምፍታሽ እዩ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት

ሓፈሻዊ ዕላማ መሰረት ብምግባር ዝርዝር ዕላማታት መፅናዕቲ እቲ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ምስ ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊቋንቋ ትግርኛካብ 2015.ዓም.ክሳብ 2016ዓ.ም. ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

I. ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ብመንፅር ክእለታት ቋንቋ ምፍታሽ፤

II. ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተና ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ፤

III. ኣብ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ፤

## 1.4 ረብሓ መፅናዕቲ

ናይ ሓደ ቋንቋ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ጥንኩርን ድኽምን ጎንታት ንምፍታሽ፣ ኣብ ተምሃሮ ዘሎ ክእለትን ዓቕምን ኣፈላላይ ንምርዳእ ከም ፍልፍል ሓበሬታ ኮይኑ ዘገልግል ፈተና እዩ። Graunland (1988:8)።ብምኽንያት እውን ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝግበሩ መፅናዕትታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ንኽኸውን ነናይ ባዕሎም ኣበርክቶ ኣለዎም።እዚ መፅናዕቲ እዚ እውን ዝተፈላለዩ ረብሓታት ክህልውዎ ትፅቢት ይግበር።ከም ኣብነት እዞም ዝስዕቡ ተጠቀስቲ እዮም።

- ፈተና ንዘዳልው ሰብ ሞያታት ትሕዝቶ ዝምድና ኣብ ፈተና ዘለዎ ጥቕሚ ኣንፈት ክህቦም ይኽእል፤
- ኣብቶም ዝዳለውዎም ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ  ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ምስ ፈተና ቋንቋዘሎ ርክብ ግቡእ ጠመተ ንኽህቡ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል፤
- መምህራን ንተምሃሮኦም ዘዳልውዎ ፈተናታት ዕላማ ትምህርቲ እቲ ብርኪ መሰረት ገይሮም ንኽዳልው  ክሕብር ይኽእል፤
- ተምሃሮ በብዓመቱ ዝዳለዉ ፈተናታት ብምርኣይ ምስ ዕላማ ትምህርቲ ዘለዎም ርክባት ተገንዚቦም ንቐፃሊ ግቡእ ምድላው ንኽገብሩ ይሕግዝ።
- ፈተና ንዘዳልው ኣካላት ፈተና ምስ መርሃ ትምህርትን መምርሒ ንመምህርን መፅሐፍ ተምሃራይን ተዛሚዶም ንኽዳለዉ ግንዛበ ክፈጥረሎም ይኽእል፤
- ኣብ ተመሳሳሊ ዛዕባ መፅናዕቲ ንዘካይዱ ኣካላት ከም መበገሲ ክኸውን ይኽእል፤

## 1.5. ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋብሔራዊ ፈተናንትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ንዘለዎም ዝምድና እንታይ ከም ዝመስል ንምፍታሽ ዝዓለመ እዩ። ገምጋም ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ኣብ ዝብሉ ብርክት ዝበሉ ሓሳባትብምልዓል መፅናዕቲ ክካየደሎም ይኽእል እዩ።ነዚ ጠቕሊልካ ንምፅናዕ ድማ ነዊሕ ግዘን ዓቕምን ይሓትት፤ይኹን እምበር እዚ መፅናዕቲ ኣብክፍሊ ዝወሃቡ ሓፀርቲ ፈተናታት፥ናይ ርብዒ ዓመትን መጠቓለሊ ፈተናታትን ኣየካትትን።ካብ 2015ዓ.ም.ን ቅድሚትን ካብ 2016ዓ.ም. ንድሕሪትን ዝተዳለዉ ፈተናታት ናይዚ ፅንዓት ትኹረት እውን ኣይኮኑን።ብተወሳኺ ናይቶም ፈተናታት ዘለዎም መልሲ ትንተና እውን ናይዚ ፅንዓት ዳህሳስ ኣይኮነን።እዚ መፅናዕቲ ኣብ 2017ዓ.ም. ተጀሚሩ ዝዛዘም ኮይኑ ብሔራዊ ፈተና ዋላ እኳ ንመጻሕፍቲ ትግርኛ ደረጃታት ክፍሊ ሻድሻይን ሻውዓይን ዘካትት ይኹን እቲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብሰፊሑ ኣብ ሻምናይ ክፍሊ ስለዝጠቓለል ቀንዲ ትኹረቱ ኣብሻምናይ ክፍሊ መሰረት ዝገበረ እዩ

**1.6. ውሱንነት መፅናዕቲ** ፦መፅናዓይ ነዚ መፅናዕቲ ኣብ ዘካይደሉ እዋን ሕፅረት መወከስቲ መፅሓፍቲ፤ ሕፅረት ኣብዚ ዛዕባ እዚ መሰረት ገይሮም ዝተፀንዑ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን ሕፅረት መሳርሕታት ፅሕፈትን ዝኣመሳሰሉ ሕፀረታት ዘጋጠምዎ እንትኾን ካብ ማሓዙቱ፣ መማህረቱን መሳርሕቱን ብምውሓስ ብውሱን መልክዑ ክፈትሖም ክኢሉ እዩ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሃሳባትን ቅዱማት መፅናዕትን

ኣብዚ ምዕራፍ እንታይነት ፈተና፥ረብሓ ፈተና፥እንታይነት መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህር፣ መምህሪ መፅሐፍን ርክብ ትሕዝቶ ፈተና ምስ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሐፍን ከምኡ እውን ምስዚ መፅናዕቲ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተመሳሳልነት ዘለዎም ቅዱማት መፅናዕትታት ዝድህሰሰሉ እዩ።

## 2.1. ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሃሳባት

### 2.1.1. እንታይነት ፈተና

ፈተና ዓቕሚ ንምፍላጥን ካብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ንምስግጋርን እናተሰረሐሉ ዝነበረን ሕዚ እውን እናተሰርሐሉ ዝርከብን እዩ።ያለው(2009፥189)"ፈተና ማለት ዝተወሰኑ ሕቶታት ብምድላው ኣእምሮኣውን ባህርያውን ለውጢ ተፈተንቲ መረዳእታ ንምእካብ ዝሕግዝ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ።"ብምባል ይገልፆ። ሰለሞን(2009፥6) ንKaplan(2001፥7)ጠቒሱ"ፈተና ናይ ሓደ ሰብ ባህሪ ወይ ኣመለኻኽታ ንምፍላጥን ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዘሎ ኣመለኻኽታ ኣፈላላይ ብምውድዳር ናይ ቐፃሊውሳነ ንምሃብን ንመምህር ኣበየናይ ትሕዝቶ ትምህርቲ ትኹረት ክገብር ከም ዘለዎ፣ንተምሃራይ ድማ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ድኽመትን ጥንካረን ዘርኢ እዩ።"ይብል።ብተወሳኺ Baker (1989፥25) ወዲሰብ ኣብ ህይወት ዘመኑ ብዛዕባ ሓደ ነገር ንምውሳን እኹል መረዳእታ ዝርከብ ካብ ፈተና ከም ዝኾነ ይገልፅ።

ከም አገላልፃ እዞም ፀሓፍቲ ፈተና ንተፈተንቲ ዝዋሃብ ኣእምሮኣውን ባህርያውን ለውጢ ንምዕቃን ትልሚ ወፂእሉ ብዕላማ ዝካየድ ንጥፈት ምኻኑ የረድእ።እዚ ሓሳብ እውን ብፈተና ኣቢልካ ናይ ሰባት ኣመለኻኽታ ክትርዳእን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ዝታዓለመሉ ደረጃ ንኽበፅሕ ኣድላዪ ምኳኑ፣ደቂ ሰባት ሓደ ነገር ንምውሳን ዝኽእሉሉን መረዳእታ ዝጥቀምሉን ከም ዝኾነ ብምርዳእ ክትግበር ከም ዘለዎ እዩ።

### 2.1.2. እንታይነት ፈተና ቋንቋ

ፈተና ቋንቋ በቲ ዕለማ ትምህርቲ መሰረት እቶም ክእለታትን ፍልጠትን ዝሓዘ እዩ። Meharensን Lenmanaን(1974፥3) ኣብዚ ኣድሂቦም እንትገልፁ "ፈተና ቋንቋ በቲ ዕሉም

ቋንቋ ክእለታት ንባብ፥ፅሒፈት፥ዝርርብን ምድማፅን ከምኡ እውን ኣብ ሰዋስው፥ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ዘለዎም ፍልጠት ክንደየናይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ቅድሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፥ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወይ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝዋሃብ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ።"ብምባል ይገልፅዎ።ብተወሳኺ Brown(1994፥252) ፈተና ቋንቋ መጀመርታ ብዝርዝር ዝተተለመ ዕላማ ትምህርቲ ተምሃሮ ክንደየናይ ዘሳኸዑ ምኳኖም ንምፍላጥ ዝጠቅም ሜላ መሳርሒ ከም ዝኾነን ከምኡ እውን ተፈተንቲ ካብ ዘለዎም ደረጃ ክፍሊ ናብቲ ዝቕፅል ደረጃ ኽፍሊ ምሕላፎምን ምትራፎምን ንምፍላጥ ከም መረዳእታ ዘገልግል መሳርሒ ከም ዝኾነ ይገልፆ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ሓሳባት ከም ዘረድኡና ፈተና ቋንቋ ኣብቶም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋመሰረት ገይሩ ዝዋሃብ ምኳኑ፤ከምቶም ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ትልምን ዕላማን ሒዙ ተምሃሮ ካብቲ ዘለዎም ደረጃ ክፍሊ ናብቲ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ንኽሓልፉ ወይ ንኽተርፉ ምስ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ብማዕረ ከም መመዘኒ ዝጠቅም ምኳኑ እዩ።ፈተና ቋንቋ ካብቶም ዓይነታት ትምህርቲ ዝፈልዮ ኣብቶም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ዘተኮረ ብምኳኑ እዩ።ስለዚ ሓደ ተምሃራይ ናይ ቋንቋ ተምሃራይ እንተኾይኑ ነዞም ክእለታት ዕሉም ቋንቋ ክማሃርን ዝተምሃሮ ድማ ክንደየናይ ከም ዝጨበጦ ንምፍላጥ ክዕቀን ይግባእ።

ኣብ ምድላው ፈተና ቋንቋ ካብ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ንላዕሊ ዝለዓለ ጥንቃቐን ጠመተን ዝሓትት እዩ።ምኽንያቱ ዋና ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ነቶም ዓበይቲ ክእለታትን ንኡሳት ክእለታትን ንምምዕባል ስለ ዝኾነ እዩ።ስለዚ እቲ ዝዳሎ ፈተና ነዞም ክእለታት ብዝግባእ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ።ኣብ ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ዝዳሎ ፈተና እውን እናተምሃርዎ ምስ ዝፀንሑ ትምህርቲ ቋንቋ መሰረት ገይሩ እቶም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋዘካተተ ኮይኑ ክዳሎ ይግባእ።

### 2.1.3. ዕላማ ፈተና ቋንቋ

ዋና ዕላማ ፈተና ቋንቋ ናይ ተምሃሮ ዓበይቲ ክእለታትን ንኡሳን ክእለታትን ትምህርቲ ቋንቋ ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ከም ዘሎ ምዕቃንን ምግምጋምን እዩ። Harrison (1983፥4) ብዛዕባ ዕላማ ፈተና ቋንቋ እንትገልፅ ዕላማ ፈተና ቋንቋ ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጥዎ ንምፍታሽ፤እቲ መምህር ዝጥቀመሉ ሜላ ኣመሃህራ

ንምግምጋም፣ተፈተንቲ ንቐፃላይ ክህልዎም ይኽእል ተባሂሉ ዝሕሰብ ክእለት ቋንቋ ንምግማትን ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ኽፍሊ ንዘለው ተፈተንቲ ኣብቲ ደረጃ ክህልዎም ይኽእል ተባሂሉ ዝሕሰብ ብቕዓት ንምልካዕ እውን ዝጠቅም ምኳኑ እዚ ሙሁር ይገልፅ። ካብዚ ሓሳብ እንርደኦ ዕላማ ፈተና ቋንቋ ኣብቶም ክእለታት ቋንቋ ዘተኮሩ ኮይኖም ከከም ዝተሓንፀፅዎ ትልሚ ፈተና ዕላማ ፈተና ቋንቋ እውን ዝተፈላለዩ እዮም።ፈተና እንትዳሎ እቲ ዕላማ እውን ምስቲ ዝተዳለወ ትሕዝቶ ፈተና ብዝዛመድ መልክዑ ክቐመጥ ይግባእ። ስለዚ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ እዉን ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘለው ክእለታት ንምልካዕ ኣብ መወዳእታ ትምህርቲ ዝቐርብን ተምሃሮ ሻምናይ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ታሽዓይ ኽፍሊ ንምሕላፍን ንምትራፍን ዝዓለመ ፈተና ቋንቋ እዩ።

### 2.1.4. ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና

ፈተና ካብ ምምሃር ምስትመሃር ወይ ምምሃር ምስትምሃር ካብፈተና ነፂልካ ምርኣይ ኣይካኣልን። Harrison (1983፥1) ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዝምድንኦም እንትገልፁ “ፈተና ንምምሕያሽ ትምህርቲ መሰረት ከም ዝኾነ፣ንመምህርን ንተምሃሮን ጠቓሚ መረዳእታ ብምሃብ ኣብ ክፍሊ ቀፃላይ ዝኾነ ናይ ስራሕ መመሓየሺ ዝኸውን ተግባር ንኽልው ዝገብር እዩ።”ብማለት ይገልፆ። Heaton (1975፥5-6) ብዛዕባ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ዘለዎም ዝምድና እንትገልፅ ቅድም ኢሉ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ፈላሊኻ ናይ ምርኣይ ኩነታት ከም ዝነበረ ብምዝንታው ሕዚ ግን ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ካብ ምህላዎም ዝተተሓሓዘ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ነፂልካ ምርኣይ ከም ዘይካኣልን እዩ።ምኽንያቱ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘይነፃፀሉን ፈተና ብዘይ ትምህርቲ፣ትምህርቲ ድማ ብዘይ ፈተና ዘይትግበር ምኳኑ የረድእ።

### 2.1.5. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም

Hanning (1987፥4)ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ረብሓኦም ኣብ ኣርባዓተ ይኽፍሎም። ንሳቶም እውን:-ቅድመ ክእለት መዐቀኒ ፈተና(Aptitudetest)፣ዓቕሚ ፈታሺ ፈተና (Proficiencytest)፣ጥንካረን ድኽመትን መዐቀኒ ፈተና(Diagnstictest)ንመዐቀኒ ክእለት ፈተና(Achievement test) እዮም።ካብዞም ዓይነታት ፈተና ናይዚ መፅናዕቲ ተተኳሪ

ዓይነት ፈተና መዐቀኒ ክእለት ፈተና እዩ።ምኽንያቱ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ ትምህርቲ ዝወሃብ ዓይነት ፈተና ስለ ዝኾነ እዩ።

### 2.1.6. መዐቀኒ ክእለት ፈተና(Achievement test)

እዚ ዓይነት ፈተና ብመሰረት ዝተተለመ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ተምሃሮ ቀዲሞም ዝተማሃርዎ መበገሲ ብምግባር ዝዳሎ ፈተና እዩ።ከም ኣገላልፃ Alderson (1995÷72)ተምሃሮ ብመሰረት መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሓፍትን ቀዲሞም ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ መበገሲ ገይሩ ዝዳሎ ዓይነት ፈተና ምኻኑ ገሊፁ።ብተወሳኺ Alderson እንትገልፅ ተምሃሮ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሓፍትን መሰረት ገይሮም ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ ክንደየናይ ሽትኡ ከም ዝወቕዐ ንምርዳእ ዘኽእል ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዓይነት ፈተና ምኻኑ ወሲኹ ገሊፁ።ብተወሳኺ Heaton (1988÷172) መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝባሃል ነቲ ብርኪ ዝተነደፈ መርሃ ትምህርትን መምህሪ መፅሓፍትን ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ዝተማሃርዎ ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ገይርካ ናብ ላዕለዋይ ትካል ትምህርቲ መእተዊ÷ንኻልኣይ ብርኪ ዝዳለው መጠቓለሊ ፈተናታት ከም ዘጠቓልል ኣብሪሁ።ከም ኣገላልፃ Heaton ድሕሪ ምምሃር ምስትምሃር ዕላማ ትምህርቲ ኣብ በብብርኩ ዝርከቡ መምህራን ዘዳልውዎም ናይ ክፍሊ ፈተናታት÷ናይ ሻምናይ÷ ዓስራይን ዓሰርተ ክልተን ክፍሊ ሃገራውን ብሔራውን ፈተናታት ተምሃሮ ዕላማ ትምህርቲ ተማሂሮም ምስ ወድኡ ዝዋሃብ ውፅኢታት ኣብ ውሽጢ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝጠቓለሉ ምኻኖም ወሲኹ ይገልፅ።

ኣብ ውሽጢ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ዝካተት ሕቶታት ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ዝተማሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክዕቀኑ ዝኽእል ሕቶታት ብጥንቃቐ ተመሪፆም ክዳለዉ ከም ዝግበኦም ይገልፅ። Brown (2004÷48)።

እዚ መፅናዕቲ እዚ እውን ትኹረት ዝገብር ካብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም. ንተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ እዩ።ስለዚ ተምሃሮ ሻምናይ ክፍሊ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝተማሃርዎ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጡ እንፍትሽሉ ብሔራዊ ፈተና ስለ ዝኾነ ኣብ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ይምደብ።

### 2.1.7. ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና

ብዛዕባ ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣመልኪቶም Heaton (1975፥175) እንትገልፅ "ፈተና ኣብ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተመስረተ ትሕዝቶ ክህልዎ አለዎ።" ብተመሳሳሊ Hughes (1989፥25) ድማ "ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣብ ውሽጢ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ብዘለዉ ዕላማታት ዝተመስረተ ክኸውን አለዎ"ይብል።ስለዚ መዐቀኒ ክእለት ፈተና እንትዳሎ ብመሰረት መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ክዳሎ አለዎ።ከምኡ እውን ዕላማ ፈተና ምስ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተኣሳሰሩ ክኸውን ይግባእ።ምኽንያቱ ዕላማ ፈተና ንምስኻዕ ትሕዝቶ ቋንቋ ክንጥቀም ግድን እዩ።

ብሓፈሻ ካብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ተዳልዮም ዝቐረቡ ብሔራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ወከልቲ መርሃ ትምህርት፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ክኾኑ ኣለዎም።እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ወከልቲ እዮም ክንብል እንኽእል ድማ ነቲ ደረጃ ክፍሊ ብዝምጥን መልክዑ ዝተዳለወ መፅሓፍ ተምሃራይ፥ትምህርት፥መምርሒ ንመምህርን መርሃ ትምህርትን ምስቲ ዝዳሎ ፈተና ብቑፅሪ ይኹን ብዓይነት ዝተመጣጣነ ውክልና ሒዙ ዝቐረበ ክኸውን እንተሎ እዩ።

### 2.1.8. ዓይነት ፈተና ቋንቋ ብመንፅር ኣቀራርባ

Bachman (1990፥79) ብዛዕባ ኣቀራርባ ፈተና እንትገልፅ ዓይነት ፈተና ብኣቀራርቦኦም ኣብ ክልተ ይምቐሉ። ንሳቶም እውን:- ድሩታትን ዘይድሩትን ይባሃሉ።ኣብ ድሩታት ዓይነት ፈተና ዝምደቡ ምረፅ፥ሓቂ/ሓሶት፥ኣዛምድ፥ክፍቲ ቦታ ምላእን ሓፂር መልሲ ሃብን ዝብሉ እንትኾኑ ኣብ ዘይድሩት ዓይነት ፈተና ዝምደብ ድማ ድርሰታዊ ፅሑፍ እዩ ብምባል የቕምጥ። ስለዚ እዚ መፅናዕቲ ድማ ካብ 2015ዓ.ም.-2016ዓ.ም ኣብ ዝተዳለው ናይ ሻምናይ ክፍሊ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ብምኳኑ ኣቀራርብኡ ብመልክዕ ምረፅ ስለ ዝቐርብ ኣብ ድሩት ዓይነት ፈተና ዝምደብ እዩ።

#### 2.1.8.1. ምረፅ ዓይነት ሕቶ

ምረፅ ዓይነት ፈተና ብኣቀራርብኡ ካብ ዝተወሃቡ መማረፅታት ትክክለኛ መልሲ ብምምራፅ ዝምለስ ዓይነት ፈተና እዩ። Brown (1980፥25)ን Hughes (1989፥60)ን

"ፈተና ምረፅ እንትዳሎ ካብቶም መማረፅታት ሓደ ጥራሕ ትኽክለኛ መልሲ ክህልዎ ምግባርን እቶም ካልኦት መማረፅታት ድማ ናይ ምምራፅ ዕድል ክረኽቡ ብዝኽእልሉ መንገዲ ክዳሎ ኣለዎ" ይብሉ።ኣብዚ ዓይነት ፈተና ሕቶታት እንትዳለው ተምሃሮ እንታይ ከም ዝሓቱ ንምፍላጥ ምእንታን ክሕግዞም ጉንዲ እቲ ሕቶ ዝተማለአ መረዳእታ ክሕዝ ይግባእ። ብተወሳኺ ሓበርቲ ዝኾኑ ቃላት ኣብቲ ዋና ሕቶ ይኹን ኣብቶም መማረፅታት ዘይምጥቃምን "ኩሎም መልሲ እዮም።" ወይ ድማ "መልሲ የለን።" ዝብሉ መማረፅታት ምውጋድ ይብሉ።

ኣብ ምረፅ ዓይነት ሕቶ ዝቐረቡ መምርሕታት ቋንቋ ዘየደናግሩን ግልፅን ብዝኾነ መንገዲ ክቐርቡ ኣለዎም።ከምኡ እውን ሕቶታት እንትቐርቡ ብእወንታ ክፀሓፉ ከም ዘለዎምን ዓይነታት ፈተና ክልተ ኣካላት ከም ዘለዎምን እዞም ፀሓፍቲ ወሲኾም ይገልፁ።እቲ ናይ መጀመርታ መራሒ ኣካል(Stem) እንትኸውን እቲ ካልኣይ ድማ መልሲ ዝርከበሉ መማረፂ(Alternative) እዮም።መራሒ ኣካል ዝበሃል እቲ ዋና ሕቶ እዩ።ካብ ዝቐረቡ መማረፅታት እቲ ሓደ ትክክለኛ መልሲ ዝሓዘ እንትኸውን እቶም ካልኦት ድማ መጋገይቲ (Distractor) ይባሃሉ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሓሳብ ምረፅ ዓይነት ሕቶ ካብ መራሒ ኣካል ነቲ መራሒ ኣካል መልሲ ክኸውን ዝኽእል ካልኦት መጋገይቲ መማረፅታት ዝሓዘ ኾይኑ እቶም ዝቐረቡ መማረፅታት ዝተቐራረቡ ወይ ተመሳሳልነት ዘለዎም ኽኾኑን እቲ ሕቶ ድማ ግልፅን ዘየደናግርን ኾይኑ ኽቐርብ ከም ዝግባእ ይሕብሩ። እዚ እውን ሕቶታት ምረፅ ንምእራም ቅልጡፍን ዘየዳሉን ብምኳኑ፤ ብዙሓት ተፈተንትን ሕቶታትን ብሓደ እዋን ከተኣናግድ ምኽኣሉ ጥንኩር ጎንታት ዘለዎ ብምኳኑ ተመራፂ እዩ።

### 2.1.9. እንታይነት መርሃ ትምህርቲ

መርሃ ትምህርቲ እንታይ እዩ? ንዝብል ሕቶ ብዙሓት ምሁራት ካብ ዘለዎም ልምድን ፍልጠትን መሰረት ገይሮም ዝተፈላለየ ትርጉም ይህብዎ።Dubinንንolshtainንን (1986፥ 53) "መርሃ ትምህርቲ በቲ ዝተቐመጠ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝርዝር ከይዱ ምምሃር ምስትመሃር ተግባራት ዝሓዘ፥ ዝርዝርን ዝተወሰኑ ዕላማታት ንምፍፃም ዝኽእል መራሒ ትልሚ እዩ።" ብምባል ይገልፅዎ።Kannings Worth(1984፥22)"መርሃ ትምህርቲ ኣብ ዝተወሰኑ ትካላት ትምህርቲ ዝርከብን ዝተወሰኑ ተምሃሮ ዝመሃርዎ ቀንዲ ጥቕሉል

ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝሓዘ መዝገብ እዩ።"ብምባል ይገልፆ።ስለዝኾነ እውን መርሃ ትምህርቲ፥ትሕዝቶትምህርቲ፥ዕላማ፥ተግባራት፥ሓጋዚ ምምሃር ምስትምሃርን ሜላ ኣመሃህራን ዘካተተ እዩ።

Yalden(1987፥15) "መርሃ ትምህርቲ ሕድሕድ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከም ዘካትት ይገልፅ። እዚ እውን ተምሃሮ ኣብ ዝመሃርሉ ግዘንፅዮታት ኣብ ዝሰርሕሉ እዋንን ምስ ዝረኽብዎም ተሞክሮታት ዝተተሓሓዙ እዩ።ብምባልእንትገልፆ ብኻሊእ ወገን Stern (1992፥36)መርሃ ትምህርቲ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝተሓንፀፁ ዕላማ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብመንን ብኸመይ መንገድን ተግባራዊ ከም ዝኾን ዝርዝር ኣፈፃፀም ትልሚ ዘመላኽትምኳኑ ይገልፅ። Harmer(1991፥65) "መርሃ ትምህርቲ ተምሃሮ ካብ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ እንታይ ክፈልጡ ከም ዝኽእሉ ዘመላኽት እዩ።እዚ እውን ቅድሚ ምጅማር ምምሃር ምስትምሃር ኣየናይ ናይ ቋንቋ ክእለት ትኹረት ይወሃቦ?፥ንኡስ ክእለት ቋንቋ ብኸመይን መዓዝን ክጭብጡ ይኽእሉ?ዝብሉ ሕቶታት ዝውሰን ብመርሃ ትምህርቲ ኣቢሉ እዩ። "ብተወሳኺ (2006፥34)"መርሃ ትምህርቲ በቢ ደረጃ ክፍሊ ተመጢኖም ዝቐርቡ ሓፈሻውን ዝርዝርን ዕላማታት ትሕዝቶ ትምህርቲ፥ተግባራት፥ክፍለ ግዜ ከምኡ እውን መገምገሚ ነጥብታት ብዝርዝር ዘቕርብ ናይ ትምህርቲ ሰነድ እዩ።" ብምባል ይገልፆ።ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት መርሃ ትምህርቲ ትሕዝቶ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ከይዲ ኣቀራርባን ኣገማግምኡን ዘቕርብ ኣካል ስርዓተ-ትምህርቲ ኮይኑ ተግባር ዕለታዊ ትምህርቲ ኣመልኪቱ ንመምህር እንታይን ብኸመይን ከምህር ከም ዘለዎ ዝመርሕ ምኳኑ እዩ።

2.1.10. ረብሓ መርሃ ትምህርቲ

Yalden(1987፥40) ረብሓ መርሃ ትምህርቲ ኣመልኪቱ"መፅሓፍ ተምሃራይ፥መምርሒ መምህርን ሓጋዚ ምምሃር ምስትምሃርን ኣቐዲምካ ንምድላው ይጠቅም።"ብምባል ይገልፆ። እዚ ማለት መምህር ትሕዝቶ ትምህርቲ ንተምሃርኡ ብዝቐለለ መንገዲ ንኸቕርበሎም ይሕግዞ።ስለዚ ኣብ መምህርን ተምሃሮን ዝህሉ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምርድዳእ ንኽህሉ ሓጋዚ እዩ።እዚ እውን መምህር ንተምሃርኡ ብኸመይ ሜላ ኣቀራርባ ክምራሕ ከም ዝኽእል፣ትሕዝቶ ትምህርቲ መዓዝ ክውዳእ ከም ዘለዎ መራሒ ብምኳን የገልግል።

### 2.1.11. እንታይነት መምርሒ ንመምህር

Richard (1986፥72)ትሕዝቶታት መፅሓፍ ተምሃራይ በቲ ዝተቐመጠ ናይ መርሃ ትምህርቲ ዕላማ ዕውት ዝኾነ ምምሃር ምስትምሃር ንኽህሉ ዝገብሩ ስልትታት ዝርከብ ኣብ መምርሒ ንመምህር እዩ።ስለዝኾነ እውን ኣብ መምርሒንመምህር ኣብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ዝተኻተቱ ምዕራፋት ብቐደማይን ካልኣይን መንፍቕዓመት ሸንሺኑ ዝሓዘ እዩ።ካብዚ ብተወሳኺ ትሕዝቶ ትምህርቲ፥ሜላታት ኣቀራርባ ትምህርቲ፥ዝዳለዉ መምሃሪ ሓገዛትን ተኸታታሊ ምዘናታትን ዝሓዘ እዩ።ብምኳኑ እውን ንመምህር ኣብ መርሃ ትምህርቲ ክዕወቱ ዝተተለሙ ዕላማታት ቋንቋ ብሰፊሕን ብግልፅን ዘቕርብ እዩ።

Konwelege (1996፥25) መምርሒ ንመምህር ንምምሃር ምስትምሃር ዘለዎ ረብሓ ብዝምልከት እንትገልፅ ኣብ ክፍሊ ንዘቐርብ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ሓደሽትን ምስ ሕድሕድ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝጠዓዓምን ምቹውን ዝኾነ መምሃሪ ኣከባቢ ንኽህሉ ይገብር።እዚእዉን ተምሃሮ ክእለት ቋንቋ ንኽዕብዩ ዕድል ይፈጥረሎም።ካብዚ ብተወሳኺ መምርሒ ንመምህር ብፍላይ ትሑት ፍልጠት ትሕዝቶን ዝተሓተ ናይ ምምሃር ስልትን (Lower pedagogical content konwelege)ንዘለዎም መምህራን ሕድሕድ ርእሲ ትሕዝቶ ትምህርቲ እንታይን ብኸመይ ሜላ ኣመሃህራ ክነምህሮ ከም ዘለና ዝገልፅ ብምኳኑ ክፍተት ምምሃር ምስትምሃር ብምምላእ ሓጋዚ እዩ።

ካብ እዞም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ሓሳባት መምርሒ ንመምህር ናውቲ ትምህርት ካብ ዝበሃሉ ሓደ ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ኣገባብ ኣመሃህራ፥ትሕዝቶታት ትምህርቲ፥ዕላማ ትምህርቲ፥በዝሒ ክፍለግዘ፥መልሲሕቶታትን መዋኽስቲ ናውትን ዝሕዝ ምኳኑ እዩ።

### 2.1.12. እንታይነት መፅሓፍ ተምሃራይ

ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ንኽኸውን መሰረት ካብ ዝኾኑ ነገራት መፅሓፍ ተምሃራይ ምኳኑ ግልፂ እዩ።ተስፋይ(1981፥7)"መምሃሪ መፅሓፍ መርሃ ትምህርቲ መሰረት ገይሩ ዝዳሎ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ደረጃ ክፍሊ ዝርከቡ ተምሃሮ ፍልጠቶም፥ ክእለቶምን ኣተሓሳስበኦምን መጢኖም ብኣርባዕቲኦም ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋን ብኸልቲኦም ንኡሳት ክእለታት ቋንቋን ንመምሃሪ ኮነ ተባሂሉ ዝዳሎ ሰነድ እዩ።"ብምባል ይገልፆ።ብተመሳሳሊ Ur(2006፥48) "መምሀሪ መፅሓፍ ዝበሃል ኣብ ሓደ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ዝርከቡ ሓፈሻዊ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ኣካቲቱ ዝሓዘ ሰነድ እዩ።እዚ ሰነድ

መምህራንን ተምሃሮን ክኽተልዎ ዝግባእ ኣንፈት ብምሕባር ንምምሃር ምስትምሃር ከይዲ መሰረት ኮይኑ ዘገልግል እዩ።"

ካብዞም ፀሓፍቲ ምርዳእ ዝከኣል መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃሮ ካብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ናብ ዝቕፅል ደረጃ ክፍሊ ኣብ ዝሰጋገርሉ እዋን ዝህልው ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብኣናውን ተዋርዳውን ምትሕሓዝ ዘለዎም ኮይኖም ንመምህራንን ተምሃሮን ብማዓረ ዘገልግልን ካብ መርሃ ትምህርቲ ዝቕረፅን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ንኽኸውን መራሒ ኮይኑ ዘገልግል ሰነድ ምዃኑ እዩ።

### 2.1.13. ረብሓ መምሃሪ መፅሓፍ

Kannings Worth1995÷22) መምሃሪ መፅሓፍ ቀንድን ብዙሕ ግልጋሎት ዘለዎ ብዋናነት ናይ ትምህርቲ መምህሪ መሳርሒ ምዃኑ ይገልፆ።እዚ እውን ርክብ መምህርን ተምሃሮን ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ጥንኩር ንኽኸውን ዓብዪ ሓገዝ ዝገብር እዩ።ብተመሳሳሊ ተስፋይ(1981÷18) መምሃሪ መፅሐፍ ምስ መርሃ ትምህርቲ ብምግንዛብ መምህር ትሕዝቶ ትምህርቲ ብቅደም ሰዓብ ንኽቕርቡን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ግልፂ ኾይኑ ክቐርብን ተምሃሮ ትምህርቶም ቅቡል ንኽገብሩን ይሕግዝ።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓሳባት ምርዳእ ዝከኣልመምህሪ መፅሐፍ መምህራን ኣብ ክፍሊ ንዘምህርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣንፈት ዝሕብር ኣብ ዝተፈላለዩ ኽባቢታት ዝርከቡ ተምሃሮ ተመሳሳሊ ዝኾነ ፍልጠት ንኽቐርበሎም ዓብዪ ተራ ዘለዎ እዩ።

### 2.1.14. ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ፈተና ቛንቛን

ዕላማ ትምህርቲ ቛንቛን ፈተና ቛንቛን ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ስጡም ዝምድና ከም ዘለዎም Harrison (1983÷7) እንትገልፅ ፈተና ንምምሕያሽ ትሕዝቶ ትምህርቲ መሰረት ኮይኑ ዘገልግል÷ንመምህር ይኹን ንተምሃራይን ጠቓሚ መረዳእታ ዝህብን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝትግበር ንጥፈት ምዃኑ ገሊፁ።ከምኡ እውን Baker(1989÷16) ከም ዝገለፆ"ፈተና ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቛንቛ ክተርፍ ዘይኽእል ቁልፊ ጉዳይ እዩ።እዚ ዝኾነሉ ዋና ምኽንያት መምህራን÷ተምሃሮን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ኩሎም በብእዋኑ ዝረኽብዎም መረዳእታታት ንምርግጋፅ ስለ ዝሕግዞም እዩ።"

ካብዞም ተመራመርቲ እንርደኦ ፈተና ቛንቛ ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኩነታት ኣካይዳ ትሕዝቶ ትምህርቲ ከመይ ከም ዝኾነ ሓበሬታ ዝህብን ፈተና ብዘይ

ትምህርቲ፥ትምህርቲ ድማ ብዘይ ፈተና ዘይትግበር ምዃኑ የረድኡ።ኩሎም ሰብ ሞያ እዚ ዓውዲ ርክብ ፈተናን ትሕዝቶ ትምህርትን ዋላእኳ ስጡም ዝምድና ከም ዘለዎም ዝተሰማዕምዑ እንተኾኑ ኣየናይ ቀዲሙ ክቐርብ ኣለዎ? ንዝብል ሕቶ ዝህብዎ መልስታት ግና ዝተፈላለዩ እዮም።

Davis(1988፥5)ሓደ ፅቡቕ ፈተና ዝበሃል ምስትምሃር ስዒቡ ዝመፅእን ትሕዝቶ ትምህርቲ ጥራሕ ዝሓትት ከም ዝኾነ ብምግላፅ ፈተና ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቐፂሉ ዝመፅእ ንጥፈት ምዃኑ የረድእ።ብኻልእ ገፅ ድማ ፅቡቕ ፈተና ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሲዒቡ ዝመፅእ ከምዘይኮነ Hughes(1989፥2)እንትገልፅ ፈተና ኩሉ ግዘ ድሕሪ ምምሃር ዝመፅእ ተግባር ገይርካ ምሕሳብ ጌጋ እዩ።ስለ ዝኾነ ድማ ጥቕሚ ፈተና ኩሉ ግዘ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንኽኸውን ዓብዪሓገዝ ከም ዝገብር ምርዳእ ይግባእ ይብል።

ካብዞም ክልተ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ሓሳባት እንርደኦ ፈተና ቛንቛ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንክኸውን ኣብ ከይዲ ዝትግበርን ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነቲ ብፈተና ክእከብ ዝተደለየ መረዳእታን ክዋሃብ ዝድለይ ውሳነ ንምሃብ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝትግበር ንጥፈት ምዃኑ ይገልፁ።

### 2.1.15. ዝምድና መርሃ ትምህርትን ፈተና ቛንቛን

Alderson(1995፥193) "*መርሃ ትምህርቲ ሓፈሻዊ ዝኾነ ዕላማን ትሕዝቶ ቛንቛን ዝሓዘ እንትኸውን እዚ ዕላማን ትሕዝቶን ድማ ብዝርዝር ዝቐርበሉ ኣብ መምህሪ መፅሓፍ ተምሃራይ እዩ።ዕላማታት ኣብ ሸትኦም ምብፀሖም ዝልካዕ ድማ ካብቲ መምህሪ መፅሓፍ ፈተና ብምድላውን ብምፍታንን እዩ።*"

ብተወሳኺ Dubinን Olshtain (1986፥35) "*መርሃ ትምህርቲ ኣካል ስርዓተ-ትምህርቲ ኮይኑ ናይ ሓደ መደብ ትምህርቲ ቛንቛ ከመይ ምምሃር ከም ዝከኣል ኣተገባብርኡ፥ዕላማታት ትምህርቲ፥ትሕዝቶታትን ኣገባብ ኣገማግማን ዝሓዘ ሰነድ እዩ። እቲ ብጥቕሉል ዝቐረበ ሓፈሻዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተግባራዊ ፍፃመታት ብዝርዝር ዝገልፅ ድማ ብመምህሪ መፅሓፍ ኣቢሉ እዩ።*"

ካብዞም ፀሓፍቲ ሓሳብ ምርዳእ ዝከኣል መርሃ ትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ መሰረት ዝገብር እንትኸውን መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ድማ እቶም ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተገለፁ ዕላማታት ትምህርትን ትሕዝቶታትን መሰረት ገይሩ ተምሃሮ ክማሃርዎ ዝግባእ ትሕዝቶ ቋንቋን መልመድታትን ዝቐርበሉ ከም ዝኾነ እዩ።ተምሃሮ ዝተማሃርዎም ትሕዝቶታት ትምህርቲ ቋንቋ ክንደየናይ ዝኣክል ክእለትን ፍልጠትን ከም ዝሓዙ ዝልካዕ ብፈተና ስለ ዝኾነ ኩሎም ተነፃፂሎም ከም ዘይኽእሉን የረድእ።

## 2.1.16. ዝምድና መፅሐፍ ተምሃራይን ፈተና ቋንቋን

ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ንምስኻዕ ዘኽእሉ ትሕዝቶ ትምህርቲ ተምሃሮ ንክመሃርዎ ይቐርብ።ብምኽፃል ዝተመሃርዎ ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝጨበጡ ድማ ብፈተና ይረጋገፅ።Heaton(1988፥5)"ዝምድና መምህሪ መፅሐፍን ፈተና ቋንቋን ዝጠበቐ ምትእስሳር ኣለዎም።"ይብል።እዚ ማለት መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ዕለታዊ ትምህርቲ ብተግባር ዝግለፅ ዕላማ ትምህርቲ ንምዕዋት ዝትግበር ስለ ዝኾነ ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ብመፅሓፍ ተምሃራይ እናተመርሐ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝትግበር ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምዕዋት ካብ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝፈልፈለ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዘሎ ዕላማታት ውፅኢታዊ ንኽኸውን ይሕግዝ።

ስለዚ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዕውት ምዃኑ ንምርግጋፅ ፈተና ምፍታን ዘይተርፍ ተግባር እዩ።ብምዃኑ እውን ምስትምሃር ቋንቋን ፈተናን ዝተኣሳሰሩን ዘይነፃፀሉን ምዃኖም ንምርዳእ ተኻኢሉ።

## 2.2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ቅዱማት መፅናዕቲ

መፅንዓይ ኣካል ምስእዚ ፅንዓት ተዛማድነት ዘለዎም ቅዱማት ስራሕቲ ንምድህሳስ ኣብ ዝገበሮ ፃዕሪ ክልተ ናይ ካልኣይ ድግሪ መማልኢ ፅንዓታዊ ፅሑፋት ተረኺቦም እዮም። በዚ መሰረት እቲ ቐደማይ ፅንዓት ናይ ሳይንስ(2009) ገምጋም ሃገራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ዓስራይ ክፍሊ ካብ 2005ዓ.ም.-2007ዓ.ም ኣብ ዝተዳለዉኣብ ዝብል ዝተኻየደ መፅናዕቲ ዝተረኽበ ውፅኢት እቶም ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓማውቲ ዝቐረቡ ሕቶታት ፈተና ዋላእኳ መብዛሕትኦም ንመምርሒ ኣደላልዋ ፈተና መሰረት ገይሮም ዝቐረቡን ንፁራትን ዘየሻምዩን ሕቶታት እንትኾኑ ኣብ ውሱናት ሕቶታት ግና ንመምርሒ ኣደላልዋ ፈተና መሰረት ገይሮም ከም ዘይተዳለዉን ንፁርነት ዝጎደሎም፣ዘሻሚ መልሲ ዝነበሮን፣

ክልተ መልሲ ዝሓዘ ሕቶታት ኮይኖም ዝተዳለዉ ምንባሮም ብምሕባር እቲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ የጠቓልል።

ብኻልእ መዳይ ድማ ፀጋይ(2009) ዳህሳስ ኣደላልዋ ግቡእነት ፈተናታት ቋንቋ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ኣብያተ ትምህርቲ መለስ ዜናዊ፥የጭላን ሃገረ ሰላምን ካብ 2008ዓ.ም.-2009ዓ.ም ብዝብል መፅናዕቲ ዘካየደ እንትኾን ኣብ ሰለስቲኣን ኣብያተ ትምህርቲ ዝተረኸበ ውፅኢት መምህራን ግቡእነት ወይ መምርሒ ኣደላልዋ ፈተና ተኸቲልካ ፈተናታት ኣብ ምስንዳእ ውስንነት ከም ዝነበሮን ኣብቲ ዝተዳለወ ሰነድ ፈተና ብኣብዝሓ ክፍተት ኣደላልዋ ዓዚዙ ከም ዝተረኸበ እቲ መፅናዕቲ ኣመላኺቱ ኣሎ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዳህሰሱ ቅዱማት መፅናዕትታት ምስዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዘመሳስሎ እንትሃለወ ኩሎም መፅናዕትታት ብዛዕባ ፈተና ዝድህስሱ ብምኳኖም እዩ።ብዕላማ፥ ብመእከቢ መረዳእታ፥እቲ ፅንዓት ብዝካየደሉ ቦታን ግዘን ድማ እዚ መፅናዕቲ ከም ዝፍለ ምርዳእ ይከኣል።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ሜላ ኣፀናንዓ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዳህሳሳዊ ዓይነት መፅናዕቲ ይምደብ።ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ዓይነታውን መጠናውን ሜላ መፅናዕቲ ተጠቒሙ ዝምድና ዕላማት ምህርትን ግቡእነት ትሕዝቶን ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም.-2016 ዓ.ም. ዘለዎም ዝምድና ፈተናታት፥መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብምፍታሽ መጠን ሽፋን ንምፍላጥ ኣሃዛውን ገለፃውን መእከቢ መረዳእታ ብምጥቃም ብገለፃዊ ሜላኣተናትና ዝቐረበ እዩ። መፅንዒ እዚ ሜላ ዝመረፀሉም ኸንያት፥መጠናዊ ይኹን ዓይነታዊ ሜላ መፅናዕቲ ነንበይኖም ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ካብ ባህሪ እቶም

ሚላታት ዝብገስ ድኽመታት ኣብቲ ውፅኢት መፅናዕቲ ክመፅእ ስለዝኽእል እዚ ዓይነት ፀገም ንምንካይ ውሁድ ሜላ መፅናዕቲ ምጥቃም ዝሓሸ መማረፂ እዩ።ያለው(2009፥78)። በዚ መሰረት እቲ ተተኳሪ መፅናዕቲ ልዕል ክብል ብዝተገለፀ ሜላ መፅናዕቲ ተፀኒዑ እዩ።

## 3.1. ንድፊ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ትኹረቱ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋ ብሔራዊ ፈተናን ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዘተኮረ እዩ።ዓይነት መፅናዕቱ ዳህሳሳዊ ኰይኑ፥መጠን ተፀናዕቲ ድማ ብሔራዊ ፈተና፥መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን እዮም።መይላ መኣከቢ መረዳእታ ብቅደም ስዓብ ፈተሻ ሰነድ እዩ።በዚ መይላ ዝተኣከቡ መረዳእታታት ድማ ብኣሃዝን ብገለፃን መይላ ኣተናትና ንምትንታን ተኻኢሉ እዩ።

## 3.2. መጠን ተፀናዕቲ

ኣብዚ መፅናዕቲ ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ፈተሻ ሰነድ እዩ።በዚ መሰረት፣ ብዋናነት ካብ 2015-2016 ዓ.ም. ቅጥዕታት ብሔራዊ ፈተና ቀንዲ ተተኮርቲ ብምኳን ብዕምቆት ተዳህሲሶም እዮም።

### 3.2.1 ፍልፍል ሰነዳት

ኣብዚ መፅናዕቲ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016 ዓ.ም. ዝቐረቡ ሕቶታት ብሔራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍልን ኩሎም ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝተዳለዉ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሐፍ ተምሃራይን ተፀናዕቲ ኮይኖምእዮም።እዚ መፅናዕቲ ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዝተዳለዉ ብሔራዊ ፈተናታትን ኣብ ሓደ ብርኪ ክፍልን ዝተደረተ ኮይኑ ብዕላማ ተኮር ሜላ መርኣያ ተወሲዶም እዮም።እዚ ዝኾነሉ ድማ ኩሎም ፍልፍላት መረዳእታ ሰነዳት ብምኳኖም እዩ።

## 3.3. ሜላ መአከቢ መረዳእታ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ትሕዝቶ ፈተናን ትግርኛ ብሔራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ 2015ዓ.ም.-2016ዓ.ም. ምፍታሽ እዩ። ብዋናነት ትኹረት ዝገበረሉ መእከቢ መረዳእታ ድማ ፈተሻ ሰነድ እዩ።እቶም ሰነዳት ድማ ኩሎም ብቐረባ ክረኽቦም ዝኽእል ብሄራዊ ፈተናታት ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም. ከምኡ ውን መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን እዮም።

### 3.3.1 ፈተሻ ሰነድ

ኣብ እዚ መፅናዕቲ ብዋናነት ዝቐረበ መአከቢ መረዳእታ ፈተሻ ሰነድ እንትኸውን ካብ 2015ዓ.ም.-2016ዓ.ም. ዝተዋሃቡ ብሄራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍልን ነቲ ብርኪ ዝተዳለዉ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎም ዝምድና ተፈቲሹ እዩ።

## 3.4. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ሒዝዎ ዝብገስ ዕላማ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ነቶም ካብ 2015ዓ.ም.-2016ዓ.ም ንተኸታታሊ ክልተ ዓመታት ዝቐረቡ ብሄራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብዕምቆት ብምንባብ ምስቲ ናይቲ መፅናዕቲ ዕላማታት ዝምድና ዘለዎም መረዳእታታት ናብ ሓደ ብምጥማርን መልክዕ ብምትሓዝን ብመጠናውን ዓይነታውን ሜላ ኣተናትና ተተንቲኖም ቀሪቦም ኣለዉ።ከምኡ እውን እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ኣብ ውሽጦም ተኻቲቶም ዝርከቡ ክእለታት ትምህርቲ ቋንቋ በብገፆም ብምምዳብ ምስቲ ነቲ ብርኪ ዝተዳለወ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዎም ዝምድና እንታይ ከም ዝመስሉ በብምዕራፉ ተዳህሲሶም እዮም።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ኣቀራርባን ኣተናትናን መረዳእታ

እዚ ምዕራፍ ዕላማ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ንምዕዋት ዝተኣከቡ መረዳእታታት ዝቐርበሉን ዝትንተነሉን ምዕራፍ እዩ።ብተወሳኺ ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም ዕላማ ብርኪ ትምህርቲ መሰረት ገይሮም ምድላዎም ምፍትሽ እዩ።ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ድማ ብዝተዋደደ መልክዑ ፈተሽ ሰነድ ተኻይዱ እዩ።መፅንዒ ዝኣከቦም መረዳእታታት ካብ ናይ ሻምናይ ክፍሊ መርሃ ትምህርቲ፣ መምርሒ ንመምህር፥መፅሓፍ ተምሃራይን ከምኡ እውን ብዋናነት ትኹረት ዝተገበረሉ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015 ዓ.ም.ክሳብ 2016 ዓ.ም. ኣብ ዘለዉ ሰነዳት እዮም።ውፅኢት ትንተና ድማ ኣብቶም ዓበይቲ ክእለታትን ንኡሳን ክእለታትን ፍልጠት ስነ ፅሑፍን ብምፍላይ ብመጠናውን ዓይነታውን ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

## 4.1 ካብ ተፍትሽ ሰነድ ዝተረኽበ መረዳእታ

### 4.1.1 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ

እዚ መፅናዕቲ ከም ፍልፍል መረዳእታ ካብ ዝተጠቐመሎም ሰነዳት እቲ ሓደ መርሃ ትምህርቲ ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ እዩ።እዚ መርሃ ትምህርቲ ዓርሱ ክኢሉ ብመልክዕ መፅሓፍ ተዳልዩ ዝቐረበ እንተይኮነስ ትሕዝቶታቱ ምስ መምርሒ ንመምህር ኣብ መወዳእታ እቲ መፅሓፍ ካብ 176 ክሳዕ 191 ዝተቐመጠ ኮይኑ ርእሲ ናይ ሕድሕድ ምዕራፋት፥ዝተመደበሉ ክፍለ ግዘ፥ካብቲ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሉ ሓፈሻዊ ውፅኢትን ኣገባብ ገምጋምን ሒዙ ኣብ 15 ገፃት ዝተቐመጠ እዩ።

**ሰደቓ ሓደ: ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብመንፅር ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ትግርኛ**

| ሪጋ | ርእሲ ምዕራፍ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ | | | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | | | | | | |
| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስው | ቃላት | |
| 1 | ስነ ምግባር ስራሕ | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 2 | ሓድጊ | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 3 | ፀጋታትና | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 4 | ባህላዊ ግጥምታት | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 5 | ስነ ህዝቢ | ✓ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | |
| 6 | በረኻነት | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 7 | ምዝመዛ ጉልበት ህፃናት | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 8 | ምብቃዕ ኣንስትዮ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 9 | ነባሪ ኣየር | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |
| 10 | ተዋስኦ | X | ✓ | ✓ | X | ✓ | ✓ | |

ካብቲ ሰደቓ ምርዳእ ዝከኣል ኣብቲ መርሃ ትምህርቲ ኩሎም ክእለታት እኳ ዝተኻተቱ እንተኾኑ ግና ብበዝሒ ዝሓዝዎ ሽፋን ዝተመጣጠኑ ኣይኮኑን።ካብቶም ዝቐረቡ ዓሰርተ ምዕራፋት ምሉእ ሽፋን ዝረኸቡ ክእለት ንባብን ቃላትንእንተኾኑ ክእለታት ዝርርብ፥ ምድማፅ፥ፅሕፈትን ሰዋስውን ድማ ኣብ ሓሙሽተ ምዕራፋት ተኻቲቶም ይርከቡ።ኣብዚ ክእለታት ፅሕፈት፥ምድማፅ፥ምዝራብን ሰዋስውንክንድቲ ዝድለ ሽፋን ዘይተወሃቦም ምኳኑ እቲ ፈተሻ ሰነድ የመላኽት።ኣብ ኣሰናድኣ እቲ መርሃ ትምህርቲ እውን እቶም ትሕዝቶታት መምስ ዕላማ ትሕዝትኦም ነፂርካ ኣብ ምቕማጥ እውን ዝተወሰነ ክፍተት ኣሎ።

### 4.1.2 ሓፈሻዊ ተፍትሽ መምርሒ ንመምህር ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ

እቲ መፅሓፍ ደጋዊ ሽፋኑ ድሙቕ ሰማያዊ ሕብሪ ዘለዎ ኮይኑ ምስሊ ናይ አክሱም ሓወልቲ፣ባንዴራ ኢትዮጵያን ትግራይን፣ቋንቋ ትግርኛ ዝብል ብደሚቕ ተፃሒፉ መምርሒ ንመምህር ዝብል ፅሑፍ ዘለዎን ክእለታት ቃላት፣ፅሕፈት፣ንባብ ፅፈት፣ኣዳሚፅካ ምርዳእ፣ዝርርብ፣ሰዋስው፣ትንታነ ቃላትን ኣንቢብካ ምርዳእን ዝብሉ ዝሓዘ እዩ።ውሽጣዊ ትሕዝትኡ እንትረአ ድማ ትግርኛ መምርሒ ንመምህር ሻምናይ ክፍሊ፣ጉጅለ ኣሰናዳእቲ፣ምርግጋፅ ፅሬት፣ምውዳድ መፅሓፍ፣ጉጅለ መተሓባበሪ ዝብል ካብ ምሓዙ ብተወሳኺ ኣርማ ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ትግራይን ኣካቲቱ ዝሓዘ እዩ።እዚ መፅሓፍ ዓሰርተ ምዕራፋት ዝሓዘ እንትኾን ኣብቶም ሕድሕድ ምዕራፋት ዝርዝር ዕላማታት፣ንሕድሕድ ምዕራፍ ዝተወሃበ ክፍለ ግዘ፣መረዳእታ ንመምህር፣መምህሪ ሓገዝ፣ኣገባብ ኣመሃህራ፣መጠቓለሊ ትሕዝቶ፣ኣገባብ ገምጋም፣መልሲ ሕቶታት ናይ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካቲቱ ከምኡ እውን ደገፍ ወሃብቲ ፅሑፋት ብ157 ገፃት ተጠቓሊሉ ዝቐረበ እዩ።

**ሰደቓ ክልተ፦ኣብ መምርሒ ንመምህር ዝተኻተቱ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብመንፅር ክእለታትን ፍልጠት ስነፅሑፍን**

| ሪጋ | ርእሲ ምዕራፍ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 8ይ ክፍሊ | | | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | | | | | | |
| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስዉ | ቃላት | |
| 1 | ስነ ምግባር ስራሕ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 2 | ሓድጊ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 3 | ፀጋታትና | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 4 | ባህላዊ ግጥምታት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 5 | ስነ ህዝቢ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 6 | በረኻነት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 7 | ምዝመዛ ጉልበት ህፃናት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 8 | ምብቃዕ ኣንስትዮ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 9 | ነባሪ ኣየር | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 10 | ተዋስኦ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |

እዚ ሰደቓ ከም ዘመላኸተና ኣብ ዓሰርቲኦም ምዕራፋት ኩሎም ዓበይቲን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ማዕረ ሽፋን ተዋሂቡዎም ኣሎ።

#### 4.1.3. ሓፈሻዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ

መፅንዒ ብዋናነት ካብ ዝተጠቐመሎም ሰነዳት እቲ ሓደ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ እዩ።እዚ መፅሓፍ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ካብ USAID ብዝተረኸበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ ብ2007 ዓ.ም. ተዳልዩ ዝተሓተመ ኮይኑ ናይዚ መፅሓፍ ደጋዊ ሽፋን፥ ውሽጣዊ ሽፋንን ኩሎም ትሕቶታት ቋንቋ ትምህርቲ ዝተወሃቦም ሽፋን እንታይ ከም ዝመስል ከምዚ ዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

#### 4.1.3.2 ውሽጣዊ ተፍትሽ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ

ልክዕ ከምቲ ደጋዊ ሽፋን ኣብ መጀመሪያ ላዕለዋይ ጠርዚ እቲ ገፅ ናይ ኢትዮጵያን ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ባንዴራ፥ትግርኛ መፅሓፍ ተምሃራይ ሻምናይ ክፍሊ ዝብል ብንፁር ዝተቐመጠ እንትኸውን ናይቲ መፅሓፍ ጉጅለ ኣሰናዳእቲ፥ገምገምቲ፥ መዋደድቲ ንጉጅለ መተሓባበርቲን ሽም ዝርዝር ዝሓዘ ምኳኑ ከም ጠንካራ ጎኑ ዝውሰድ እንትኾን ብዜካ ናይ ሓደ ባዓል ሞያ ናይቶም ካልኦት ሰብ ሞያታት ደረጃ ትምህርቶም ዘይተገለፀ ምኳኑ ከም ድኽመት ዝውሰድ እዩ።

ብሓፈሻ እቲ መፅሓፍ ተምሃራይ 252 ገፃትን ዓሰርተ ምዕራፋትን ዝሓዘ እዩ።ኣብ ሕድ ሕድ ምዕራፍ ዝርዝር ዕላማታት፥ሕቶታት ቅድመ ንባብ፥ሕቶታት እዋን ንባብ፥ድሕረ ንባብ ከምኡ እውን ሰዋስውን ቃላትን፣ኣብ ሕድሕድ መወዳእታ ምዕራፍ ድማ መጠቓለሊ ሕቶታትን ከምኡ እውን ማህደረ ቃላትን ዝርዝር ሓገዝቲ ፅሑፋትን ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ።ተምሃራይ ኣብቲ ምዕራፍ ዝቐረበ ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ክንደየናይ ከም ዝተረድእዎን ከም ዘይተረድእዎን ንምርግጋፅ ዘኽእል መጥለሊ ነጥብታትን መጠቓለሊ ምዕራፋትን ብዘይ ምሓዙ ከም ድኹም ጎኒ ዝውሰድ እንትኾን እቶም ካልኦት ልዕል ክብል ተቐሚጦም ዘለዉ ኣብቲ መፅሓፍ ዝተኻተቱ ነጥብታት ድማ ከም ጥንኩር ጎኒ ዝውሰዱ እዮም።

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ዓሰርተ ምዕራፋት ዘለዎን ካብኣቶም ድማ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘለዎም 29 ብሌጣ ፅሑፋን 4 ብግጥሚ መልክዕን ዝቐረቡ ምንባባትን ዝሓዘ እንትኾን

ኩሎም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝተረኸቡ ምኽኖም ተጠቒሱ ዝርከብ እንትኸውን ካሊእ ናይቲ መፅሓፍ ተምሃራይ መግለፂ ትሕዝቶ ዝኾኑ መልመድታት እዮም።እዞም መልመድታት ኣብ ሕድሕድ ምንባባት ቅድመ ንባብ፥እዋን ንባብ፥ድሕረ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእ፥ዝርርብ፥ፅሕፈት፥ምድማፅ፥ቃላትን ሰዋስውን ከምኡ እውን ናይ ስነ-ፅሑፍ ክእለታትን ፍልጠትን ሒዙ ይርከብ።

### 4.1.4. ተፍትሽ ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ

**ሰደቓ ሰለስተ፡- ኣብ ሕድሕድ ምዕራፋት ዝተኻተቱ ዕላማታት ትምህርቲ ሻምናይ ክፍሊ መፅሓፍ ተምሃራይ ብመንፅር ክእለታትን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍን**

| ሪጋ | ርእሲ ምዕራፍ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 8ይ ክፍሊ | | | | | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ክእለታት ቋንቋ ትምህርቲ | | | | | | |
| | | ምድማፅ | ዝርርብ | ንባብ | ፅሕፈት | ሰዋስዉ | ቃላት | |
| 1 | ስነ ምግባር ስራሕ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 2 | ሓድጊ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 3 | ፀጋታትና | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 4 | ባህላዊ ግጥምታት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 5 | ስነ ህዝቢ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 6 | በረኻነት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 7 | ምዝመዛ ጉልበት ህፃናት | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 8 | ምብቃዕ ኣንስትዮ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 9 | ነባሪ ኣየር | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |
| 10 | ተዋስኦ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | ✓ | |

ካብቲ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ንባብ፥ዝርርብ፥ፅሕፈትን ሰዋስውን ብሓፈሻ ኩሎም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ኣብ ዓሰርተ ምዕራፋት ምሉእ ብምሉእ ተኻቲቶም ዝርከቡ ምኽኖም የርኢ።

### 4.1.5.ኣብ ሰለስቲኦም ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዝተፈተሹሰነዳት

**ሰደቓ ኣርባዓተ ካብ ሰለስቲኦም ብርኪ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዝተረኽቡ መረዳእታታት**

| ረ.ቃ | ዕላማ ቋንቋ ትምህርቲ | መርሃ ትምህርቲ | መምርሒ ንመምህር | መፅሓፍ ተምሃራይ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ምድማፅ | 4 | 8 | 10 | 22 |
| 2 | ዝርርብ | 2 | 10 | 10 | 22 |
| 3 | ንባብ | 8 | 10 | 10 | 28 |
| 4 | ፅሕፈት | 7 | 10 | 10 | 27 |
| 5 | ሰዋስው | 4 | 8 | 10 | 22 |
| 6 | ቃላት | 9 | 10 | 10 | 29 |
| | ድምር | 34 | 56 | 60 | 150 |

እዚ ሰደቓ ከም ዘመላኽቶ ኣብ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዉ ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎም ሽፋን ዝርኢ እዩ። ኣብ ሰለስቲኦም ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብፈተሻ ሰነድ ዝተረኽበ ውፅኢት ንኡስ ክእለት ቃላት ኣብ ሰለስቲኦም ሰነዳት ካብ ጠቕላላ 30 ምዕራፍ 29 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ሰፊሩ ኣሎ።ብምቕፃል ክእለት ንባብ ድማ ካብ 30 ጠቕላላ ዕላማ ትምህርቲ 28 ሽፋን ሒዙ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንትርከብ ክእለት ፅሕፈት ድማ ካብ 30 ምዕራፍ 27 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተቐሚጡ ኣሎ። ሰዋስው፥ዝርርብን ምድማፅን ድማ ብንፅፅር እቲ ዝተሓተ ሽፋን ማለት ካብ 30 ምዕራፍ 22 ሽፋን ብምርካብ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ይርከቡ። ኣብ መርሃ ትምህርቲ ነቶም ዕላማታት ትምህርቲ ነፂርካ ኣብ ምቕማጥ ፀገም ዘለዎ እንትኾን ኣብ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘለዎ ሽፋን ብዜካ ምድማፅን ዝርርብን ኣብ መምርሒ ንመምህር ሸሞንተ ሸሞንተ ሽፋን ምርካቦም እቶም ዝተረፉ ክእለታት ግን ዓሰርተ ስለ ዝኾኑ ዝተመጣጠነ ሽፋን ሒዞም ይርከቡ።

4.1.6. ተፍትሽ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም.

እቲ ብሄራዊ ፈተና ኣብ መጀመሪያ ደጋዊ ገፅ ብቋንቋ ትግርኛ "ኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015÷2016ዓ/ም ዝብል ብድሙቕ ዝተቐመጠ እንትኾን ቀፂሉ ድማ ሓፈሻዊ መምርሒ ንተፈተንቲ ዝብል ብኣብነት ኣደጊፉ ዝሓዘ እዩ። ውሽጣዊ ገፁ እንትረአ ድማ ኣብ ላዕሊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.÷ 2016ዓ.ም.ዝብል ፅሑፍ ብደሚቕ ዝተቐመጠ እንትኸውን ብሸውዓተ መምርሕታት ዝተሰነዩ ነቶም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታትቋንቋ ዘካተቱ 60 ሕቶታት ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ እዩ።ብምኺኑ እውን ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.÷2016ዓ.ም. እዩ።በዝሒ ሕቶታት ድማ ተመሳሳሊ 60 ብጠቕላላ 120 ሕቶታት እዮም።

**ሰደቓ ሓሙሽተ÷ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም**

| ትሕዝቶ ፈተና | 2015ዓ.ም. | | 2016ዓ.ም. | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|
| | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | |
| ምድማፅ | – | – | – | – | |
| ዝርርብ | 05 | 8.3% | 05 | 8.3% | |
| ንባብ | 15 | 25% | 15 | 25% | |
| ፅሕፈት | 12 | 20% | 08 | 13.3% | |
| ሰዋስው | 09 | 15% | 15 | 25% | |
| ቃላት | 10 | 16.7% | 10 | 16.7% | |
| ስነ ፅሑፍ | 09 | 15% | 07 | 11.7% | |
| ብድምር | 60 | 100% | 60 | 100% | |

ካብ ዝቐረበ ሰደቓ ምርዳእ ከም ዝከኣል ካብ ትሕዝቶ ፈተና ምድማፅ ኣብ ክልቲኡ ብሄራዊ ፈተናቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ኣይተኻተተን።ክእለት ንባብ ብዝምልከት ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ/ምን ዓሰርተ ሓሙሽተ ብሚኢታዊ 25% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ክእለት ፅሕፈት፣ኣብ 2015ዓ/ም 12 ብሚእታዊ 20 እንትኸውን ብዝተቐራረበ መልክዑ ኣብ 2016ዓ.ም. ድማ ሸሞንተ ሕቶታት ብሚእታዊ 13.3%ሽፋን ሒዙ እዩ።ዝርርብ ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ 2015ዓ.ም.ን ኣብ 2016ዓ.ም.ን ማዕረ ሓሙሽተ ሓሙሽተ ሕቶታት(8.3%) ሽፋን እንትሕዙ፣ፍልጠት ስነ ፅሑፍ ዝምልከት ድማ ኣብ 2015ዓ.ም.ትሽዓተ ሕቶታት ማለት(15%)ብተቐራራቢ ኣብ 2016ዓ.ም. ስነ-ፅሑፍ 07 ማለት (11%) ሽፋን ሒዙ እዩ።ካብ ንኡሳት ክእለታት ሰዋስውን ቃላትን እንትንርኢ ቃላት ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ 2015ዓ.ም.ን ኣብ 2016ዓ.ም.ን ንዓሰርተ ሕቶታት ወይ(16·7%) ሽፋን እንትህልዎ ሰዋስው ድማ ኣብ 2015ዓ.ም. 09 ሕቶታት (15%) ኣብ 2016ዓ.ም.ከዓ 15 ሕቶታት (25%) ሽፋን ከም ዝተውሃቦ ካብ ሰነድ ዝተረኸበ መረዳእታ የመላኽት።

ብሓፈሻ ኣብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ሽፋን ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ካብቶም ዓበይቲ ክእለታት ኣብ ምንባብን ፅሕፈትን ጥራሕ ትኹረት ዝሃበ ኮይኑ ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም.ዝተቐራረቡ በዝሒ ሕቶታት ዝሓዘ እንትኸውን ንክእለት ዝርርብ ውሱን ማለት እውን ኣብ ክልቲኡ ሸሸሞንተ ሕቶ ማለት እውን(8.3%) ሽፋን ዝሃበ እዩ።ብተመሳሳሊ ሽፋን ንኡሳን ክእለታት ሰዋስውን ቃላትን እንትርአ እውን ቃላት ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም. ማዕረ ዓሰርተ ዓሰርተ ሕቶ (16.7%) ዝሓዘ እንትኸውን ሰዋስው ድማ ኣብ 2015ዓ/ም 09 ሕቶታት (15%)ኣብ 2016ዓ/ም ድማ 15 ሕቶታት(25%) ዝሓዘ እዩ።ፍልጠት ስነ ፅሑፍ እውን ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም. ተቐራራቢ ሽፋን ማለት ኣብ 2015ዓ/ም 09 ሕቶታት (15%) ኣብ 2016ዓ/ም 07 ሕቶታት(11.7) ተዋሂብዎ ተዳልዩ ዝቐረበ ምዃኑ ካብቲ ሰነድ ንምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።

4.1.7.ገምጋም ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተናን ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን

ሰደቓ ሸድሽተ፣ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን

| ሪጋ | ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ | ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ | | ኣብ 2015ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | ኣብ 2016ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢታዊ | |
| 1 | ምድማፅ | 4 | 11.8% | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| 2 | ዝርርብ | 2 | 5.9% | 05 | 8.3% | 05 | 8.3% | |
| 3 | ንባብ | 8 | 23.5% | 15 | 25% | 15 | 25% | |
| 4 | ፅሕፈት | 7 | 20.6% | 12 | 20% | 08 | 13.3% | |
| 5 | ሰዋስዉ | 4 | 11.8% | 09 | 15% | 15 | 25% | |
| 6 | ቃላት | 9 | 26.5% | 10 | 16.7% | 10 | 16·7% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 00 | 00% | 09 | 15% | 7 | 11% | |
| ድምር | | 34 | 100% | 60 | 100% | 60 | 100% | |

ካብ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ምድማፅ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ሓደ ብሚኢታዊ 11.8% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016 ዓ.ም.ግን ንክእለት ምድማፅ ዝምልከት ትሕዝቶ ፈተና ኣይቐረበን።ብተመሳሳሊ ክእለት ዝርርብ ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ክልተ ብሚኢታዊ 5.9% ሽፋን እንትህልዎ ኣብ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016 ዓ.ም.ን ሓሙሽተ ሓሙሽተ ሕቶ ብሚእታዊ 8.3% ሽፋን ተዋሂብዎ ከም ዘሎ እቲ ዝተቐመጠ ዳታ የመልክት።ክእለት ፅሕፈት ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ሸውዓተ ብሚእታዊ 20.6% እንትኸውን ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም.ካብ ዝቐረቡ ሕቶታት ማለት ኣብ 2015ዓ.ም. ዓሰርተ ክልተ ሕቶታት (20%) ኣብ 2016 ዓ.ም. ድማ ሸሞንተ ሕቶታት (13.3%) ሽፋን ሒዙ ይርከብ።

ብኣንፃሩ ብኽእለት ንባብ እንትንርኢ ግና ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ሸሞንተ (23%)ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ብትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ዓሰርተሓሙሽተ ሕቶታት ወይ 25% ሒዙ እንትርከብ ብተመሳሳሊ ኣብ 2016ዓ.ም.ዓሰርተ ሓሙሽተ ሕቶታት ብሚኢታዊ እንትግለፅ 25% ብምሓዝ ተመጣጣኒ ትሕዝቶታት ተኻቲቱ እዩ።ካብ ንኡሳን ክእለታት ቋንቋ ሓደ ዝኾነ ቃላት ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚኢታዊ 26.5% ዝሓዘ እንትኸውን ሽፋን ትሕዝቶ ቃላት ኣብ ብሂራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ን ዓ.ም. እንትንርኢ ድማ ብቑፅሪ ዓዓሰርተ ሕቶታት ዝተኻተቱ እንትኾኑ ብሚኢታዊ ድማ 16.7% ተመጣጣኒ ዝኾነ ሽፋን ሒዙ ይርከብ።ብተወሳኺ ንኡስ ክእለት ሰዋስው ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ኣርባዕተ ብሚኢታዊ 11.8% ዝሓዘ እንትኸውን ሽፋን ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚኢታዊ 15% እንትህልዎ ኣብ 2016ዓ.ም. ድማ ብቑፅሪ ዓሰርተ ሓሙሽተ ብሚኢታዊ 25% ሒዙ ይርከብ።

ብመዳይ ፍልጠት ስነ ዕሑፍ ድማ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ሽፋን ዘይተዋሃቦ እንትኸዉን ኣብ ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም. ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚኢታዊ ድማ 15% ሽፋን ዝሓዘ እንትኸዉን ኣብ 2016ዓ.ም. ተቐራራቢ ብዝኾነ ብቑፅሪ ሽውዓተ ብሚኢታዊ ድማ 11% ሽፋን ሒዙ እዩ።

ብሓፈሻ ዝምድና ዕላማ መርሃ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ም.ን እንትረአ ሽፋን ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋ ኣብ ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ብቑፅሪ ዕስራን ሓደን ብሚኢታዊ ድማ 61.8% ሒዙ እዩ። እዚ ሽፋን ምስ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.እንትነፃፀር ብቑፅሪ ሰላሳን ክልተን ዝሓዘ እንትኾን ብሚኢታዊ ድማ 53.3% እዩ።እዚ ድማ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ክሕዞ ካብ ዝግበኦ 8.5% ዝቐነሰ እዩ።ብተመሳሳሊ ምስ ብሂራዊ ፈተና 2016ዓ.ም. እንትርአ ድማ ብቑፅሪ ዕስራን ሸሞንተን ብሚኢታዊ ድማ 46.7% ዝሓዘ እዩ።እዚ እዉን 15.1% ዝቐነሰ እዩ። በዙይ መሰረት ዝምድና ዕላማ መርሃ ትምህርቲ ምስ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ እንትርአ ኣብ 2015ዓ.ም. ዝተዳለወ ዝሓሸ ዝምድና ከም ዘለዎ የመልክት።ብመዳይ ፍልጠት ስነ-ዕሑፍ እንትርአ ድማ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ሽፋን ዘይተዋሃቦ እንትኸዉን ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም. ትሽዓተ ብሚእታዊ 15%ኣብ 2016ዓ.ም. ድማ

ብቑፅሪ ሸውዓተ ብሚእታዊ 11%እዚ ድማ ኣብ መራሂ ትምህርቲ ሸፋን ዘይተዋሃቦ ኣብ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ግን ቁፅሩ ዘይናዓቕ ሕቶታት ተኻቲቶም ከም ዘለው የርኤና።

**4.1.8.ገምጋም ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተናንቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ም.ን**

**ሰደቓ ሸውዓተ፥ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ን ዓ.ም.**

| ሪጋ | ትሕዝቶ ቋንቋ ትምህርቲ | ዕላማታት መምርሒ ንመምህር | | ኣብ 2015ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | ኣብ 2016ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብቁፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢታዊ | |
| 1 | ምድማፅ | 08 | 14.3% | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| 2 | ዝርርብ | 10 | 17.8% | 05 | 8.3% | 05 | 8.3% | |
| 3 | ንባብ | 10 | 17.8% | 15 | 25% | 15 | 25% | |
| 4 | ፅሕፈት | 10 | 17.8% | 12 | 20% | 08 | 13.3% | |
| 5 | ሰዋስዉ | 08 | 14.3% | 09 | 15% | 15 | 25% | |
| 6 | ቃላት | 10 | 17.8% | 10 | 16.7% | 10 | 16.7% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 00 | 00.0 | 09 | 15% | 07 | 11.7% | |
| ድምር | | 56 | 100 | 60 | 100% | 60 | 100% | |

ካብ ዝቐረበ ሰደቓ ክእለት ምድማፅ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚኢታዊ 14.3% ሸፋን ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ብሂራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ንዓ.ም. ግን ንምድማፅ ዝምልከት ትሕዝቶ ፈተና ኣይቀረበን።ክእለት ዝርርብ እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚኢታዊ 17.8% ሸፋን እንትህልዎ ኣብ ትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ዓ.ም.ን ድማ ተመሳሳሊ ሓሙሽተ ሓሙሽተ ሕቶ ብሚእታዊ ድማ (8.3%) ሒዙ ኣሎ።ክእለት ንባብ እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ዓሰርተ

ብሚኢታዊ 17.8% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ብትሕዝቶ ብሂራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ን 2016ን ማዕረ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሕቶታት ብምሓዝ 25% ሚኢታዊ ሒዙ እንትርከብ ክእለት ዕሕፈት ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ዓሰርተ ትሕዝቶታት ብምሓዝ 17.8% ሚኢታዊ እንትሕዝ ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.12 ሕቶታት ብሚእታዊ (20%)እንትካተት ኣብ 2016ዓ.ም. ድማ ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚእታዊ (13.3%)ሕቶ ተኻቲቶም ይርከቡ።

ብቃላት ደረጃ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ዓሰርተ ብሚኢታዊ 17.8%ሽፋን ዝሓዘ እንትሽዉን እዚ ምስ ሽፋን ትሕዝቶ ቃላት ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ዓ.ም. እንትንርኢ ድማ ብቑፅሪ ማዕረ ዓሰርተ ዓሰርተ ዝሓዘ እንትሽዉን ብሚኢታዊ ድማ 16.7% ተመጣጣኒ ብዝኾነ ደረጃ ሒዙ ይርከብ። ብተመሳሳሊ ንኡሳን ክእለት ሰዋስው እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ሸሞንተ ብሚኢታዊ 14.3%ዝሓዘ እንትሽዉን ሽፋን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015 ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚኢታዊ 15% እንትህልዎ ኣብ 2016ዓ.ም. ድማ ብቑፅሪ ዓሰርተ ሓሙሽተ ብሚኢታዊ 25% ሒዙ ይርከብ። ብስነ ፅሑፍ እንትንርኢ ድማ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህርምንም ሽፋን ዘይረኸበ እንትሽዉን ብኣንፃር ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን ብቑፅሪ ትሻዓተ ብሚኢታዊ 15%፣ኣብ 2016ዓ.ም. ብቑፅሪ ሸውዓተ ብሚኢታዊ 11.7% ተቐራራቢ ብዝኾነ ሽፋን ሒዙ እዩ።

ብሓፈሻ እንትረአ ዝምድና ዕላማ መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ን ዓ.ም. እንትረአ ሽፋን ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋ ኣብ ዕላማ መምርሒ ንመምህር ብቑፅሪ ሰላሳን ሸሞንተን ብሚኢታዊ ድማ 67% ሒዙ እዩ።እዚ ሽፋን ምስ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ብቑፅሪ ሰላሳን ክልተን ዝሓዘ እንትኾን ብሚኢታዊ ድማ 53.3% እዩ።እዚ ድማ ክእለት ምድማፅ ጥራሕ ዘይተኻተተ እንትሽውን ብተወሳኺ ኣብ መምርሒ ንመምህር ክሕዞ ካብ ዝግበኦ ብ14.3% ዝቐነሰ እዩ።ብተመሳሳሊ ምስ ብሄራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.እንትረአ ድማ ልክዕ ከም 2016ዓ.ም.ክእለት ምድማፅዘየካተተ ኮይኑ ብቑፅሪ ዕስራን ሸሞንተን ብሚኢታዊ ድማ 46.7% ዝሓዘ እዩ።እዚ እውን ብ20.3% ዝቐነሰ እዩ።በዙይ መሰረት ዝምድና ዕላማ መምርሒ ንመምህር ምስ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ እንትርአ ኣብ 2015ዓ.ም. ዝተዳለወ ዝበለፀ ዝምድና ከም ዘለዎ የመልክት።

4.1.9 ገምጋም ፅላማ መፅሐፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተናን ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም.

ሰደቓ ሸሞንተ፥ፅላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተናን ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ን ዓ.ም.

| ረ.ኃ | ትሕዝቶ 1ቋንቋ ትምህርቲ | ፅላማታት መፅሐፍ ተምሃራይ | | ኣብ 2015ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | ኣብ 2016ዓ.ም ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ፈተና | | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብቑፅሪ | ብሚኢ.ታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢ.ታዊ | ብቑፅሪ | ብሚኢ.ታዊ | |
| 1 | ምድማፅ | 10 | 16.7% | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| 2 | ዝርርብ | 10 | 16·7% | 05 | 8.3% | 05 | 8.3% | |
| 3 | ንባብ | 10 | 16.7% | 15 | 25% | 15 | 25% | |
| 4 | ፅሕፈት | 10 | 16·7% | 12 | 20% | 08 | 13.3% | |
| 5 | ሰዋስው | 10 | 16·7% | 09 | 15% | 15 | 25% | |
| 6 | ቃላት | 10 | 16.7% | 10 | 16.7% | 10 | 16.7% | |
| 7 | ስነ-ፅሑፍ | 00 | 00 | 09 | 15% | 07 | 11.7% | |
| ድምር | | 60 | 100% | 60 | 100% | 60 | 100% | |

ካብቲ ዝቐረበ ሰደቓ ሸሞንተ ምርኣይ ከም ዝከኣል ኩሎም ዓበይቲ ክእለታት ኣብ ፅላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ብማዕረ ቑፅሪ ዓሰርተ ዓሰርተ ብሚኢ.ታዊድማ ሕድሕዶም 16.7% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ንዓ.ም. ግን ንምድማፅ ዝምልከት ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣይቀረበን።ክእለት ዝርርብ እንትንርኢ ኣብ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ዓ.ም.ን ማዕረ ሓሙሽተ ሓሙሽተ ሕቶ ብሚእታዊ ድማ 8.3%ሽፋን ተዋሂብዎ ኣሎ።ብተመሳሳሊ ክእለት ንባብ እንትንርኢ ኣብ ፅላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ብቑፅሪ ዓዓሰርተ ሓሙሽተ  ብሚኢ.ታዊ 25% ሽፋን ዝሓዘ እንትኾን ክእለት ፅሕፈት ኣብትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም. ዓሰርተ ክልተ ሕቶ ብሚእታዊ 20%ኣብ 2016ዓ.ም.ድማ ሸሞንተ ሕቶታት 13.3% ሚኢ.ታዊ ሒዙ

ይርከብ።ሰዋስው ኣብ 2015ዓ.ም. ትሽዓተ ሕቶታት ብሚኢታዊ እንትግለፅ 15% ኣብ 2016 ድማ ዓሰርተ ሓሙሽተ ብሚእታዊ 25% ሽፋን ሒዙ ይርከብ። ቃላት እንትንርኢ ድማ ኣብ 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ማዕረ ዓሰርተ ዓሰርተ ሕቶ ብሚእታዊ ድማ ሕድሕዶም 16.7%ተመጣጣኒ ትሕዝቶታት ተኻቲቱ እዩ። ስነ-ፅሑፍ ኣብ ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ምንም ዘይተዋሃቦም እንትኾን ኣብ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015 ዓ.ም. ብቑፅሪ ትሽዓተ ብሚእታዊ ድማ 15% እንትሕዝ ኣብ 2016 ዓ.ም. ብቑፅሪ ሸውዓተ ብሚእታዊ 11.7% ሽፋን ተዋሂብዎ ኣሎ።

ብሓፈሻ ዝምድና ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተናን ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ን 2016ን ዓ.ም. እንትረአ ሽፋን ዓበይቲ ክእለታት ቋንቋ ኣብ ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ብቑፅሪ 40 ኮይኑ ብሚኢታዊ ድማ 66.7% ሒዙ እዩ። ምስ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ እንትነፃፀር 2015ዓ.ም. ብቑፅሪ ሰላሳን ክልተን ብሚኢታዊ ድማ 53.3%እዚ ድማ ካብ ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ብ13.4% ዝቐነሰ እዩ። ብተመሳሳሊ ምስ ሃገራዊ ፈተና 2016 ዓ.ም. እንትረአ ድማ ብቑፅሪ ዕስራን ሸሞንተን ብሚኢታዊ ድማ 46.7% ዝሓዘ እዩ። እዚ እውን ብ20.03% ዝቐነሰ እዩ። በዙይ መሰረት ዝምድና ዕላማ መፅሓፍ ተምሃራይ ምስ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ እንትርአ ኣብ 2015 ዓ.ም. ዝተዳለወ ዝበለፀ ዝምድና ከም ዘለዎ የመልክት

### 4.1.10. ሰለስቲኦም ዕላማታት ብርኪ ትምህርትን ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ም.ን

**ሰደቓ ትሽዓተ፡-ሰለስቲኦም ዕላማታት ትሕዝቶ ዕላማ ብርኪ ትምህርትን ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍልን 2015ዓ.ምን 2016ዓ.ምን**

| ዕላማ/ትሕዝቶታትን ትምህርቲ | መርሃ ትምህርቲ | መምርሒ ንመምህር | መፅሓፍ ተምሃራይ | ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ | |
|---|---|---|---|---|---|
| | | | | 2015ዓ.ም. | 2016ዓ.ም. |
| ምድማፅ | 4 | 8 | 10 | ___ | ___ |
| ዝርርብ | 2 | 10 | 10 | 05 | 05 |
| ንባብ | 8 | 10 | 10 | 15 | 15 |
| ፅሕፈት | 7 | 10 | 10 | 12 | 08 |
| ሰዋስው | 4 | 8 | 10 | 09 | 15 |
| ቃላት | 9 | 10 | 10 | 10 | 10 |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ስነ ፅሑፍ | 00 | 00 | 00 | 09 | 07 |
| ድምር | 34 | 56 | 60 | 60 | 60 |

እዚ ሰደቓ ዘመላኽቶ ዋና ዕላማ ናይዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ዕላማ ብርኪ ትምህርትን ብሂራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ንሻምናይ ክፍሊ ዘለዎም ዝምድና ዘመላኽት እዩ።በዚ መሰረት እቶም ኣብቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝርከቡ ሰለስቲኦም ሰነዳት ንኹሎም ክእለታት ሽፋን ዘለዎም ኮይኖም ዝቐረቡ እንትኾኑ ኣብ ብሂራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ እንትረአ ግና ኣብ ክእለት ትሕዝቶ ምድማፅ ኣብ 2015ዓ.ም.ን ኣብ 2016ዓ.ም.ን ዘይተኻተተ ኮይኑ ክእለት ኣብቶም ካልኦት ሰነዳት ማለት እውን ኣብ ዕላማ ብርኪ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘይተኻተተ ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፍ ኣብ ዝተዳለዉ ብሂራዊ ፈተናታት ተመጣጣኒ ዝኾነ ትሕዝቶ ሒዙ ቐሪቡ እዩ።

ብመዳይ ንኡሳን ክእለታት ቋንቋ ሰዋስውን ቃላትን ድማ ኣብቲ ዕላማ ብርኪ ትምህርቲ ተመጣጢኖም እንትቐርቡ ኣብ ብሂራዊ ፈተና እውን ነናይ ባዕሎም ተመጣጣኒ ዝኾነ ሽፋን ሒዞም እዮም።ስለዚ ፈተሻ ዝተገበረሎም ሰነዳት ኣብቲ ብርኪ ዝቐረቡ ዕላማ ትምህርቲ ምስ ኣብ ብሂራዊ ፈተና ዝርከቡ ትሕዝቶታት እንትነፃፀሩ፣ ኩሎም ክእለታትን ፍልጠትን ብዝተማእኸለ መንገዲ ኣብቲ ብሂራዊ ፈተና ዘይምክታቱ ከም ድኽመት ክውሰድ ይኽእል።

ነዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ሓሳብ ኣብ ምዕራፍ ክልተ ብዛዕባ እንታይነት ፈተናን ክካተቱ ስለ ዘለዎም ትሕዝቶታት ብዝምልከት Meharensን Lenmana(1974፥3) እንትገልፁ ፈተና ቋንቋ በቲ ዕሉም ቋንቋ ክእለታት ንባብ፥ፅሕፈት፥ ዝርርብን ምድማፅን ከምኡ እውን ኣብ ሰዋስዋዊ፥ቃላትን ስነ-ፅሑፍን ዘለዎም ፍልጠትን ክንደየናይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ቅድሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፥ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወይ ድሕሪ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝወሃብ መዐቀኒ መሳርሒ እዩ ብምባል ይገልፅዎ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ኣመራርፃ ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣመልኪቶም Heaton(1975፥175) እንትገልፅ "ፈተና ኣብ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተመስረተ ትሕዝቶ ክህልዎ ኣለዎ"ይብል።ብተመሳሳሊ Hughes(1989፥25) ድማ "ትሕዝቶ መዐቀኒ ክእለት ፈተና ኣብ ውሽጢ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ብዘለዉ ዕላማታት ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ።"ይብል።

ካብዚ ክልስ ሓሳባት ፀሓፍቲምርዳእ ዝካኣል ትሕዝቶ ፈተና ቋንቋ እንትዳሎ ንኹሎም ክእለታትን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍን ዘካተተ ኮይኑ ካብቲ ዕላማ መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን መሰረት ተገይሩ ክዳሎ ከም ዘለዎ ይሕብሩ፤ኮይኑ ግና ናይዚ ፅንዓት ትኹረት ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ግቡእነት ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብምኳኑ በቶም ፀሓፍቲ ዝቐመጥዎ ሓሳብ እቲ ትሕዝቶ ፈተና ተዳልዩ ኣብ ምቕራብ ዋላእኳ ድሓን እንተኾነ።ኩሎም ትሕዝቶታት ተመጣጢንቲ ኮይኖም ኣብ ምቕራብ ውሱን ክፍተት ይርአ እዩ።ብኻሊእ ገፅ ድማ ኣብ 2015ዓ.ም. ዝቐረቡ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተናቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊምስ ኣብ 2016ዓ.ም.ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ብሄራዊ ፈተና እንትነፃፀሩ ኣብ 2015ዓ.ም. ዝተዳለወ ብሄራዊ ፈተና ምስቲ ዕላማ ብርኪ ትምህርቲ ብዝሓሸ መልክዑ ዝተመጣጠነ እዩ።ኣብ 2016ዓ.ም ዝተዳለወ ብሄራዊ ፈተና ግና ብንፅፅር ትሕዝቶታት ናይ ዘይምምጥጣን ክፍተት ከም ዘለዎ ተዳህሲሱ ኣሎ።

**ሰደቓዓሰርተ፡-ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ትሕዝቶታት መፅሓፍ ተምሃራይን**

| ትሕዝቶ | ክፍለ ግዜ | ዕላማታት ትምህርቲ (Instractional objectives) | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ፍልጠት | ምርዳእ | ተግባር | ምትንታን | ምጥማር | ድምር | ርኢቶ |
| ምድማፅ | 10 | 4 (40%) | 4 (40%) | 00 | 2 (20%) | 00 | 10 (100%) | |
| ዝርርብ | 10 | 2 (20%) | 3 (30%) | 00 | 3 (30%) | 2 (%) | 10 (100%) | |
| ንባብ | 10 | 3 (30%) | 4 (40%) | 00 | 2 (20%) | 1 (10%) | 10 (100%) | |
| ፅሕፈት | 10 | 2 (20%) | 2 (20%) | 2 (20%) | 2 (20%) | 2(20%) | 10 (100%) | |
| ሰዋስው | 10 | 3 (30%) | 4 (40%) | 1 (10%) | 1 (10%) | 1 (10%) | 10 (100%) | |
| ቃላት | 18 | 4 (22%) | 3 (17%) | 2 (11%) | 5 (28%) | 4 (22%) | 18 (100%) | |
| ስነ-ፅሑፍ | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| ድምር | 68 | 18(27%) | 20 (29%) | 5 (7%) | 15 (22%) | 10 (15%) | 68 (100%) | |

**ሰደቓ ዓሰርተ ሓደ፦ዝምድና ብሔራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.ን ትሕዝቶ መፅሓፍ ተምሃራይ ብመንፅር ሰደቓ መወሰኒ ፈተና** (table of test specification)

| ትሕዝቶ | ክፍለ ግዜ | በዝሒሕቶ | ዕላማታትትምህርቲ (Instractional objectives) | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ፍልጠት | ምርዳእ | ተግባር | ምትንታን | ምጥማር | ድምር | ርኢቶ |
| ምድማፅ | 10 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| ዝርርብ | 10 | 5 (8%) | 1 (1.6%) | 2 (3.3%) | 1(1.6%) | 1 (1.6%) | 00 | 5 (8%) | |
| ንባብ | 10 | 15 (25%) | 4 (6.7%) | 8(13.3%) | 1(1.6%) | 2 (3.3%) | 00 | 15 (25%) | |
| ፅሕፈት | 10 | 12 (20%) | 2 (3.3%) | 5 (8.3%) | 2(3.3%) | 3 (5%) | 00 | 12 (20%) | |
| ሰዋስው | 10 | 9 (15%) | 4 (6.7%) | 2 (3.3%) | 1(1.6%) | 2 (3.3%) | 00 | 9 (15%) | |
| ቃላት | 18 | 10 (17%) | 4 (6.7%) | 2 (3.3%) | 00 | 2 (3.3%) | 2(3.3%) | 10 (17%) | |
| ስነ-ፅሑፍ | 00 | 9 (15%) | 3 (5%) | 3 (5%) | 1(3.2%) | 2 (3.3%) | 00 | 9 (15%) | |
| ድምር | 68 | 60(100%) | 18(30%) | 22(37%) | 6(10%) | 12(20%) | 2(3.3%) | 60(100%) | |

ሰደቓ ዓሰርተ ክልተ፡-ዝምድና ብሔራዊ ፈተና 2016ዓ.ም.ን ትሕዝቶ መፅሓፍ ተምሃራይ ብመንፅር ሰደቓ መወሰኒ ፈተና (table of test specification)

| ትሕዝቶ | ክፍለ ግዜ | በዝሒ ሕቶ | ዕላማታት ትምህርቲ (Instractional objectives) | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ፍልጠት | ምርዳእ | ተግባር | ምትንታን | ምጥማር | ድምር | ርኢቶ |
| ምድማፅ | 10 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | 00 | |
| ዝርርብ | 10 | 5(8) | 1(1.6%) | 1(1.6%) | 2(3.3%) | 1 (1.6%) | 00 | 05(8) | |
| ንባብ | 10 | 15(25) | 3 (5%) | 10(17%) | 00 | 2 (3.3%) | 00 | 15(25) | |
| ፅሕፈት | 10 | 8(13) | 2(3.3%) | 3 (5%) | 1(1.6%) | 2 (3.3%) | 00 | 8(13) | |
| ሰዋስው | 10 | 15(25) | 6 (10%) | 4(6.7%) | 2(3.3%) | 3 (5%) | 00 | 15(25) | |
| ቃላት | 18 | 10(17) | 4(6.7%) | 2(3.3%) | 00 | 2 (3.3%) | 2(3.3%) | 10(17) | |
| ስነ-ፅሑፍ | 00 | 7(12) | 2(3.3%) | 3 (5%) | 00 | 2 (3.3%) | 00 | 7(12) | |
| ድምር | 68 | 60(100) | 18(30%) | 23(38%) | 5(8.3%) | 12(20%) | 2(3.3%) | 60(100) | |

### 4.2.ዝምድና ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ዕላማ ትምህርትን ብመንፅር ፈተና መወሰኒ ሰደቓ

Zuelk, Wilson and yunker (2004) ፈተና መወሰኒ ሰደቓ ሓደሓደ ግዜ ንድፊ ፈተና እናተባሃለ ዝፍለጥ ኮይኑ መምህራን ንዕላማታት ትምህርቲ፥መምርሒታትን ትሕዝቶ ትምህርትን ኣዋዲዶም ሕቶታት ፈተና ንኸውፅኡ ይሕግዞም ብምባል እንትገልፁ Gregory (2006) ድማ ፈተና መወሰኒ ሰደቓ መምህራን ፈተና እንተዳልው ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብዝተመጣጠነ ወይ ብዝተዛመደ መልክዑ ንኸዳልው ዝሕግዝ እዩ ብምባል ንሓሳቦም የራጉዶ።

okpala, onocha and oyedeji(2003፡2) ፈተና መወሰኒ ሰደቓ ፈተና ንዘውፅኡ ኣካላት ኣብቲ ሰደቓ ዝተቐመጡ ትሕዝቶታት ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ክንደየናይ ከም ዝተዛመዱ ብሚእታዊ ኣነፂሮም ንኽቕምጡ ዝሕግዝ እዩ።ብምባል እንተኸቕምጡ Akem (2006) መምህራን ፈተና እንተዳልው እቶም ዘካትዎም ሕቶታት ምስ ዝሽፍንዎም ትሕዝቶታትን ዕላማታት ትምህርትን ብምትእስሳር ነየናይ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክንደይ ክብደት ክዋሃቦ ኣለዎ ንዝብል ውሳነ ንኽውስን ዘኽእሎ እዩ ብምባል ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጠ ሓሳብ  ዝድግፍ መብራህርሂ የቕምጥ።ካብዞም ልዕል ክብል ዝቐረቡ ሓሳባት እንርድኦ ፈተና መወሰኒ ሰደቓ ፈተና ንዘውፅኡ ኣካላት ወይ መምህራን ሕቶታት ፈተና እንተውፅኡ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ምስ ዕላማታት ትምህርቲ ብዝዛመድ መልክዑ ነየናይ ትሕዝቶ ክንደየናይ ዝኣክል ክብደት ወይ ሽፋን ክዋሃቦ ከም ዘለዎ ንምውሳን ዘገልግል መሳርሒ ምዃኑ እዩ።

በዚ መሰረት ዝምድና ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን ዕላማ ትህርትን ብመንፅር ፈተና መወሰኒ ሰደቓ እንትርእዩ ኣብ ክልቲኦም ፈተና ዝተዳለዉ ሕቶታት ዝተመጣጠነ ዝምድና ዋላ እኳ እንተሃለዎም ብንፅፅር ግን ኣብ 2015ዓ.ም. ዝተዳለወ ፈተና ዝሓሸ ዝምድና ከም ዘለዎ ካብቲ ዘተረኽበ መረዳእታ ምርዳእ ተኻኢሉ ኣሎ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## መጠቓለሊ፥መደምደምታን ለበዋን

### 5.1. መጠቓለሊ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ካብ 2015ዓ.ም.ክሳብ 2016ዓ.ም. ተዳልዮም ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ብሄራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ምስ ብርኪ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ እንትኸውን መፅንዒ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ንምዕዋት ፈተሻ ሰነድ ብምኽያድ ኣድለይቲ መረዳእታታት ኣኪቡ እዩ። መረዳእታ ንምእካብ ዕሉም ኣተሓሳርሪያ ሜላ መፅናዕቲ ኣብ ተግባር ዘውዓለ እንትኸውን ትኹረት ዝተወሃቦም ብሄራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ካብ 2015-2016ዓ.ም.፤መርሃ ትምህርቲ ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ፣መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም።

ካብዞም ሰነዳት ዝተረኸቡ መረዳእታታት መጠናዊ ትሕዝቶኦም ንምሕባር ብቑፅሪ ዝተደገፈ ገለፃዊ ትንተና ቐሪቡ እዩ።ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና 2015-2016ዓ.ም. ዘለዎ ዝምድና እንትረአ ኣብቲ መርሃ ትምህርቲ ብዜካ ስነ-ፅሑፍ ኩሎም ዓበይትን ንኡሳትን ክእለታት ቋንቋ ኣካቲቱ ዝሓዘ እንትኾን ኣብ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና 2015-2016ዓ.ም እንትረአ ግና ብዜካ ክእለት ምድማፅ ኩሎም ክእለታት ኣጠቓሊሉ ዝሓዘ።ኣብ ዕለማ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዘይተኻተተ ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ምስቶም ካልኦት ትሕዝቶታት ብዘይነኣኣስ መልክዑ ሽፋን ተዋሂብዎ ከም ዘሎ የመላኽት።ክእለት ንባብን ሰዋስውን ሽፋን በዝሒ ሕቶታት ልዑል እኳ እንትኾነ ኣብ መርሃ ትምህርቲ ግና ዝተውሃቦም ሽፋን ትሑት ምዃኑ ካብቲ ሰነድ ዝተረኸበ ፈተሻ የርኢ።

ዕላማታት መምርሒ ንመምህርን ትሕዝቶ ብሔራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ እውን እንትኾነ ኣብ መምርሒ ንመምህር ብዜካ ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ኩሎም ክእለታት ኣካቲቱ ዝተዳለወ እንትኸውን ኣብ 2015ን 2016ን ዓ.ም. ዝተዳለዉ ትሕዝቶታት ብሄራዊ ፈተና ድማ ኣብ ክእለታት ዝርርብ፥ንባብ፥ሰዋስው፥ቃላትን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍን ኣካቲቶም ዝቐረቡ እንትኾኑ ንክእለት ምድማፅ ከዓ ኣየካተቱን።ብመንፅር ዝምድና ዝተውሃቦም ሽፋን እንትርአ ድማ ምስ ብሄራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም. ዝሓሸ ዝምድና ከም ዘሎ እቲ ዝተረኸበ መረዳእታ የመላኽት።እቲ ካሊእ ዝተፈተሸ ሰነድ ከዓ

ዕላማታት መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ምስ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና 2015ዓ.ም. ክሳብ 2016ዓ.ም. እንትነፃፀር እቶም ብሄራዊ ፈተናታት ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ንኽእለት ምድማፅ እንተየካተተ ብኣንፃሩ ንንኡስ ክእለት ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ብምኽታት ዝቐረቡ እንትኾን ክእለት ንባብን ዝርርብን ብዘይተመጣጠነ መንገዲ ሽፋን ተዋሂብዎም ቀሪቦም እዮም።ብንፅፅር ግን ዕላማታት ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ምስ ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም. ዝሓሸ ምምጥጣን ይርአ።

ብሓፈሻ ክእለት ምድማፅ ኣብ ክልቲኡ ዓ.ም. ኣብ ዝቐረቡ ፈተናታት ሽፋን ዘይረኸበ እንትኾን ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ዕላማታት ትምህርቲ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ምንም ሽፋን ዘይተዋሃቦ ፍልጠት ስነ-ፅሑፍ ድማ ዘይንዓቕ ሽፋን ተዋሂብዎ እዩ።ብመዳይ ትሕዝቶ ብሄራዊ ፈተና 2015-2016ዓ.ም.ምስ ዕላማታት ብርኪ ትምህርቲ እንተነፃፀር ዝሓሸ ዝምድና ዘለዎ ኣብ 2015ዓ.ም. ተዳልዩ ዝቐረበ ብሄራዊ ፈተና ምዃኑ ካብ ዝተረኸበ ሰነድ ምርዳእ ተኻኢሉ።

## 5.2.መደምደምታ

ብዛዕባ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣደላልዋን ኣፈታትናን ፈተና ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ 2015ዓ.ም.-2016ዓ/ም መረዳእታ ድሕሪ ምእካብን ምትንታንን እዞም ዝስዕቡ መደምደምታ ሓሳባት ተዋሂቡ ኣሎ።

- ካብ 2015-2016ዓ.ም. ተዳልዮም ዝቐረቡ ብሄራዊ ፈተናታትን ዕላማ እቲ ብርኪ ትምህርትን ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ትሕዝቶኦም ተፈልዩ ተዳህሲሱ እዩ።
- ኣብዞም ብሄራዊ ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዝተኻተቱ ትሕዝቶታት ምስ ዕላማታት መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ብመጠንን ብዓይነትን ዘለዎም ሽፋን ኣብቶም ኣብዝሓ ተመጣጣኒ ውክልና ዝረኸቡ እንትኾኑ ክእለት ምድማፅ ግና ምንም ዓይነት ሽፋን ዘይረኸበ እዩ።
- 2015ዓ.ም. ተዳልዮም ዝቐረቡ ሕቶታት ብሄራዊ ፈተና ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብተነፃፃሪ ምስቶም ዕላማታት ትምህርቲ ተመጣጠንቲ ምዃኖም ኣብ ብሄራዊ ፈተና 2016ዓ.ም. ግን ዘይተመጣጠኑ ምዃኖም የመላኽት።
- ካብቶም ኣብ 2015ዓ.ም. ዝቐረቡ ብሄራዊ ፈተናታት ብበዝሒ ትሕዝቶኦም ኣፈላላይ ምህላዎም፤ብፍላይ ኣብ ንባብ ዝበዝሓ ቑፅሪ ሕቶታት ብምቕራቡ ኣብ

2016ዓ.ም. ድማ ኣብ ንባብን ሰዋስውን ካብቶም ካልኦት ክእለታት ዘይተመጣጠነ ሽፋን ምህላው የመላኽት።

- ኣብ መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ዝተቐመጡ በዝሒ ዕላማታት ኣብ መርሃ ትምህርቲ ምስ ዝተቐመጡ ዕላማታት ትምህርቲ ዘይተመጣጠነ ምኳኑ።

## 5.3 ለበዋ

ነዚ መፅናዕቲ ዘካየደ ኣካል ካብዚ ዝተረኸበ ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ብምብጋስ ነዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ኣቕሪቡ ኣሎ።

- ✓ ተምሃሮ ዝተምሃርዎ ትምህርትን ዘምፅእዎ ለውጥን ንምግምጋም ኩሎም ንምስትምሃር ዝቐረቡ ዕላማታት ትምህርቲ ኣብ ትሕዝቶ ፈተና እውን ተመጣጣኒ ዝኾነ ሽፋን ክህልዎም ኣለዎ። ስለዚ ናይ ብሄራዊ ፈተና መዳለውቲ ዝኾኑ ሰብ ሞያታት ነዚ ተረዲኦም ኣብ ምድላው ዕላማታት ትምህርቲ ምስ ትሕዝቶ ፈተና ተመጣጠንቲ ንኽኾኑ ጠመተ እንተዝህብዎ፣
- ✓ ትምህርቲ ቋንቋ ሒዝዎ ዝለዓል ዕላማ ክእለታትን ፍልጠትን ንምዕባይ ስለ ዝኾነ ነዚኦም ዘማልአ ሕቶታት ፈተና ክዳለው እንተዝግበር፣
- ✓ መምህራን ንተምሃርኦም ዘዳልውዎም ፈተናታት ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ገይሮም ክዳልዉ እንተዝግበር፣
- ✓ ፈተናን ምምሃር ምስትምሃርን ከይተነፃፀሉ ዝትግበሩ ተግባራት ስለ ዝኾኑ ብክልል ንዝዳለው ክልላዊ ወይ ብሄራዊ ፈተናታት ዘለዎም ክፍተት ንምምላእ ሰብ ዋና ዝኾንና መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዓብዪ ተራ ስለ ዘለና ዘተ ነካይደሉ ባይታ እንተዝመቻቸው፣
- ✓ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ዘለዉ መርሃ ትምህርቲ፥መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን ብዝሓዝዎም ዕላማታት ትምህርቲ ኣፈላላይ ስለዘለዎም ተመጣጣኒ ውክልና ክህልዎም እንተዝግበር፣

## መዋኸስቲ ደርሳናት


ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ።ትግርኛመምርሒ ንመምህር ሻምናይ ክፍሊ።Nova publications, Jalandahar, Delhi, works@npppl.in India. 2007ዓ.ም.

___________።መፅሓፍ ተምሃራይ ሻምናይ ክፍሊ።ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴሪኢን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን 2007ዓ.ም.

ሳይንስ ዮሃንስ።"ገምጋም ሃገራዊ ፈተና ቋንቋ ትግርኛ 10ይ ክፍሊ።ካብ 2005-2007 ዓ.ም መቐለ። መቐለ ዩኒቨርሲቲ ኮለጅ ማሕበራዊ ሳይንስ ቋንቋታትን ክፍሊ ትምህርቲ ትግርኛ ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝቐረበ መፅናዕቲ፥2009ዓ.ም (ዘይተሓተመ)

ፀጋይ ኣብርሃ። ዳህሳስ ኣደላልዋ ግቡእነት ፈተናታት ቋንቋ ትግርኛ 11 ክፍሊ ኣብያተ ትምህርቲ መለስ ዜናዊ፥የጭላን ሃገረ ሰላምን ካብ 2008-2009 ዓ.ም መቐለ። መቐለ ዩኒቨርሲቲ ኮለጅ ማሕበራዊ ሳይንስ ቋንቋታትን ክፍሊ ትምህርቲ ትግርኛ ንመማልኢ ካልኣይ ዲግሪ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝቐረበ መፅናዕቲ፥2009ዓ.ም (ዘይተሓተመ)

ያለው እንዳወቀ።የምርምር መሰረታዊ መርሆችና አተገባበር።አዲስ አበባ፣ንግድ ማተሚያ ድርጅት፣2009 ዓ.ም

Alderson, J C., Claphm, C. and Wall, D. Language Test Construction and Evaluation. Cambridge: Cambridge University Press. (1995).

Bachman, L. F. Fundamental Consideration in Language Testing. Oxford: Oxford University Press. (1990).

Baker, D. Language Testing: A Critical Survey and Practical Gide.London: Edward Arnold. (1989).

Brown;J.D. Teaching Language Programers;USA Prentice hall ,Inc.(1980).

________Testing In Language Program S.New Jersey Prentice Hall
Regent. (1994).

Gronland,N.E.HOW to constract Achevment test; (4thed)New Gersey Perinties Hall Inc. (1988).

Harmer, J.*The Practices of English Language Teaching*: London Longman. (1991).

Harrison, A.A Language Testing Handbook. London, Makmilan Publishers Ltd. (1983).

Heaton, J. B. Writing English Language Tests. London, London Group Limited. (1975).

________Writing English Language Tests. New York: Longman Group UK Limited. (1988).

Henning, G. .A Guide to Language Testing. Cambridge, Mass: Newbury House.(1987).

Hughes, A.Testing for Language Teachers. Cambridge, CambridgeUniversity Press,(1989).

Richards, C. *Teaching Listening and Speaking From Theory to Practice*. New York: Cambridge University Press. (1986).

Stern, H.H. Fundamental Concepts of Language Teaching. New York: New York University Press. (1992).

Tyler, R.W. Basic Principles of Curriculum and Instruction. Chicago: Chicago Press. (1949).

Ur, P. A Course in Language Teaching; Practice and Theory .Cambridge, Cambridge University Press.(1996).

_______ *A course in Language Teaching Practice and theory*; Cambride; Cambride
University Press. (2006).

Yalden, J. Principle of Course Designfor LanguageTeaching. New York: Cambridge University press. (1987).

## ልጋብ ሀ

## ኣብ ፈተሻ ሰነዳት ዝወዓሉ መጥለሊ ነጥብታት

**ሀ) ሰለስቲኦም ዕላማታት ትምህርትን ብሄራዊ ፈተና 2015ን 2016ዓ.ም. ሻምናይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ዝተገምገምሎም ነጥብታት**

- ኣብ ሕድሕድ ሰነዳት ዕላማታት ትምህርትን ኣብ 2015ን 2016ን ዓ.ም. ዝቐረቡ ብሄራዊ ፈተናታት ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ፤
- ዕላማ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይን ሕቶታት ብሄራዊ ፈተናን ዝምድና ምህላዎም ምፍታሽ፤
- ዕላማ ትምህርቲ መምርሒ ንመምህርን ሕቶታት ብሄራዊ ፈተናን ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ፤
- ዕላማ ትምህርቲ መርሃ ትምህርትን ሕቶታት ብሄራዊ ፈተናን ዘለዎም ዝምድና ምፍታሽ፤
- ኣብ ሰለስቲኦም ሰነዳት ዕላማታት ትምህርቲ ዘለዎ በዝሒ ሽፋን እንታይ ከም ዝመስል ምፍታሽ፤
- ኣብ ሰለስቲኡ ሰነዳት ዘለዉ ዕላማታት ትምህርቲ ኣብ 2015ን 2016ን ዓ.ም. ዘለዉ ሕቶታት ብሄራዊ ፈተናን ዘለዎም ውክልና እንታይ ከም ዝመስል ምፍታሽ፤
- ምስቲ ዕላማ ትምህርቲ ዝበለፀ ዝምድና ዘለዎ ትሕዝቶ ፈተና ብተነፃፃሪ ናይ ኣየናይ ዓ.ም. ዝተዳለወ ብሄራዊ ፈተና ምዃኑ ምፍላይ፤
- ኣብ ፈተና ዝቐረቡ ክእለታትን ፍልጠታትን ቋንቋ ትግርኛ ብትሕዝቶኦምን ብዓይነቶምን ተመጣጢኖም ዝቐረቡ ምዃኖም ምፍታሽ፤
- ዝምድና ዕላማ ትምህርቲ ቋንቋን ፈተና ቋንቋን እንታይ ከም ዝመስል ምፍታሽ፤

# ልጋብ ለ

## ሕቶታት ትግርኛ ሻምናይ ክፍሊ ብሄራዊ ፈተናታት 2015ዓ.ም.ን 2016ዓ.ም.ን